# ኤርትራ

ኤርትራ ብግምት 3.6 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ፣ ብ1993 ብዝተኻየደ ናይ ህዝቢ ምርጫ ካብ ኢትዮጵያ ነጻ ዝወጸት፣ ብሓደ ሰልፊ እትመሓደር ሃገር እያ። ቅድሚ ነጻነት ብህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝፍለጥ ዝነበረ ሎሚ ብህዝባዊ ግንባር ንዲሞክራስን ፍትሕን (ህ.ግ.ደ.ፍ.)፣ ካብ 1991 ጀሚሩ ነታ ሃገር ንብሕቱ ተቖጻጺርዋ ዝርከብ ሰልፊ እዩ። ናይ ህ.ግ.ደ.ፍ.ን፣ ናይ ሓይልታት ምክልኻል ሓላፊ፣ ፕረዚደንት ሃገር ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፣ ንሃገር ቢሒቱ ይርከብ። እቲ መንግስቲ በብእዋኑ ንናይ ፕረዚደንትን ሃገራውን ባይቶ ምርጫ ከመሓላልፍ ይርአ። ስለዚ ናይ ሃገራዊ ባይቶ ምርጫ ኣብ ተግባር ዊዒሉ ኣይፈልጥን።

ዘይምሕንጻጽ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብኣህጉራዊ ደረጃ እኳ ንምፍትሑ ፈተነ እንተተገብረ፣ እቲ ሕልኽልኽ ጌና ይቕጽል ስለዘሎ ናይ ኤርትራ ኣህጉራዊ ንግድን ናይ ወጻኢ ዝምድናታት ብኣሉታ ጸሊዎ ይርከብ። ነዚ ጉዳይ እዚ ምኽንያት ብምግባር መንግስቲ ንበርጌሳዊ መሰላት ብዝያዳ ይዕግት ኣሎ። ኣብቲ ሃገር ዝርከቡ በርጌሳዊ ኣካላት ንንምምሕዳር ናይ ጸጥታ ሓይልታት ተቛጻጺሮም ይርከቡ።

ናይቲ መንግስቲ ንሰብኣዊ መሰላት ምዕቃብ ተመኩሮ ብኽፉኡ ይቕጽል ኣሎ። እቶም ሰበ ስልጣን ከኣ ብዙሕን ዝኸፍአን ግህሰት ይቕጽሉ ኣለው። እዚ ማለት፤

- ዜጋታት ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ መንግስቶም ንኽቕይሩ ዘለዎም መሰል ብምግሃስ፤
- ጸጥታዊ ሓይልታት ብዘይ ሕጋዊ መሰርሕ ምቕታል፤
- ካብ ኣገልግሎት ንዝሃደሙን ዝኣበዩን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምእታውን፣ ምእሳርን፣ ምስቃይን፣ ምብሰባስን፣ ገለ ካብዚኣቶም ኣብ ዑቕባ መንግስቲ ከለው ከምዝሞቱ ይግባር፤
- እሱራት ምግፋዕን ምብሰባስን፣ ገሊኦም በቲ ዝወረዶም ማህሰይቲ ኣብ ሞት ከምዝበጽሑ ምግባር፤
- ኣሰቃቒ ዝኾነ ንህይወት ደቅ ሰብ ዘሰግእ ናይ ማእሰርቲ ኩነታት ምህላው፤
- ቃሕ ከም ዝበሎም ምምቋሕን ምእሳርን፤ ንኣዝማድ ናይቶም ካብ ኣገልግሎት ዝሃደሙ ከይተረፈ ምእሳርን፣ ምምቋሕን፡፤
- ኢድ ኣታውነት ናይ ፈጻሚ ኣካል ኣብ ሕጋዊ ትካላት፤ ንፍሉይ ቤት ፍርዲ ተጠቒምካ ሕጋዊ ኣገባብ ምዕጋት፤
- መንግስቲ ንውልቃዊ መሰላት ዘይምሕላው፤
- መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ንሃገራዊ ኣገልግሎት ምግፋፍ ዝኣመሰሉ ይርከብዎም።

ብተወሳኺ መሰረታውያን መሰላት ብብርቱዕ ምዕጋት፣ ማለት ሓሰብካ ብቓልን ብጽሑፍን ናይ ምግላጽ መሰል ምኽልካል፣ ኣብ ጋዜጣ ምጽሓፍን ምድላውን ምስታፍ ምኽላእ፣ ናይ ምእካብ፣ ማሕበራት ምቛም፣ ናይ ሃይማኖት መሰላት ምግሃስ ዝኣመሰሉ ተግባራት ይካየዱ ኣለዉ። እዚ ዝኣመሰለ ግህሰት፣ ብፍላይ ነተን ብመንግስቲ ዘይተደገፋ ሃይማኖታት ኣባላት ብዝያዳ ክወርዶም ይርአ። ናይ ዲፕሎማሲያውያንን፣ ፍሉይ ልኡኽ ሕቡራት መንግስታት ናብ ኤርትራን ኢትዮጵያን (ዩነሚ) ምዙዛት፣ ናይ ምንቅስቓስን ናይ ምጋሽ መሰል ምዕጋት ይቕጽል ኣሎ። ናይ ዘይመንግስታዊ ትካላት ናይ ምንቅስቓስ መሰል እውን ይዕገት ኣሎ። ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝዘውተር ማሕበራውን ጎነጻዊ ጸቕጢ ኣሎ። ኣብቲ ሕብረተ ሰብ ከም ልምዲ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ምግራዝ ልምዲ ኣሎ ። ኣብ ልዕሊ ብሄረ ኩናማን ጾታዊ ዝንባለኦም ሆሞሰክሾዋልስ ዝኾኑ ሰባት ብመንግስትን ሕብረተ ሰብን ዝወርድ ማሕበራዊ ኣድልዎ ክቕጽል ይረአ። ኣብ ልዕሊ ብኤይድስን ኤችኣይቪ ዝተጠቕዑ ሰባት ሌላን ጉለላን ይግበር እዩ ዝብል ጸብጻብ ኣሎ። መንግስቲ ንናይ ሰራሕተኛታት መሰላት ምድራት ይቕጽሎ ኣሎ።

ሕቡራት መንግስታት ናይ ብረት ተዓዛባይ ጉጅለ፣ ኣብ ወርሒ ሰነ ዘውጽኦ ከምዝሃቦ ጸብጻብ፣ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ጸረ-መንግስትን፣ ሕሉፋት ዝኾኑ ጉጅለታት ሶማልን መፈለምታ ምንጭን ናይ ብረት መመሓላለፊ ኣካል ከምዝኾነ ኣፍሊጡ።

# ክብሪ ሰብኣዊ መሰላት

## ክፍሊ 1፤ ናይ ሰብ ክብሪ ምሕላውን ነጻነት ካብዘን ዝሰዕባ ተግባራት

### ሀ፤ ብሃውሪ ወይ ከኣ ብዘይ ግቡእ ሕጋዊ መስርሕ ህይወት ምስኣን

እቲ መንግስቲ ወይ ወከልቱ ፖሊቲካዊ ሓዘል ቅትለት ፈጺሞም ዝብል ጸብጻብ የልቦን። እንተኾነ ግን መንግስቲ ንዝኾነ ካብ ናይ ኣስገዳድ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ዘይተሳተፈን ካብ ምግፋፍ ዝሃደመ ክቕተል ከምዘፍቅድ ይፍለጥ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ከምዝተቐትሉደ ይፍለጥ። ኣብዚ ዓመት እዚ ብኸምዚ ዝኣመሰለ ኩነት ሰባት ሞይቶም ዝብል ጸብጻብ ኣሎ። ካብ ኣገልግሎት ክሃድሙ ፈቲኖም ዝተታሕዙ ሓያሎ ሰባት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ እንከለው ብናይ ጸጥታ ኣካላት ብዘጋጠሞም ግፍዒ ሞይቶም ይበሃል። ግፋ ኣብ ዝካየደሉ እዋን ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን መንእሰያት ከምዝተቐጥቀጡን ከምዝተቐትሉን ዝገልጹ ጸብጻባት ኣለው።

ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ዶብ ክሰግሩ፣ ናብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ኣቢሎም ክኸዱ ዝተረኽቡ ሰባት ተቐቲሎም ዝብል ጸብጻብ ኣሎ። ንኣብነት ብመስከረም 17 ሓደ ናይ ራሻይዳ ብሄረ ሰብ ኣባል፣ ሓይልታት ጸጥታ ንዝሃቡዎ ትእዛዝ ኣብዩ ከምልጥ ምስፈተነ ተኲሶም ቀቲሎሞ። ስድራ ቤት መዋቲ ኣብ ገጹን ርእሱን ናይ ጠያይቲ መቑሰልቲ ከምዝነበሮ ነጊሮም።

ኣብ ናይዚ ዓመት መዋዳእታ ኣቢሉ ሓደ ነጋዳይ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ እንከሎ ከምዝሞተን እቲ ጉዳይ መንግስታዊ ሓለፍቲ ተሳተፍቲ ከምዝነበሩ የተንብሀ።

ብሰንኪ እምነቶም ዝተኣሰሩን ዝተቐርኑን ገለ ሰባት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ጸጥታዊ ኣካላት ሞይቶም ዝብሉ ጸብጻባት ኣለው።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብሰንኪ ዝተተኮሰ ናይ መሬት ነታጉ 13 ሞይቶም 41 እውን ቆሲሎም። መንግስታዊ ኮሚሽን ምስ ናይ ሕቡራት መንግስታት ናይ ሰላም ሚሽን ምትሕብባር ዘውጽኦ ጸብጻብ ከምዝሕብሮ፣ ብግምት ሰለስተ ሚልዮን ነታጉን ጌና ዘይተተኮሰ ኣጽዋርን ኣብቲ ሃገር ተቐቢሩ ኣሎ። እዚ ብድሕሪ እቲ ካብ 1998-2000 ዝተገብረ ናይ ዶብን፣ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝተኻየደ ናይ 30 ዓመታት ኩናት ተረፍ ምዃኑ እዩ። ናይ ኤርትራ እስላማዊ ሰልፊ ንዲሞክራስን ፍትሕን ምዕባለን (ኣቐዲሙ ከም ናይ ኤርትራ እስላማዊ ናይ ጅሀድ ምንቅስቓስ ተባሂሉ ዝፍለጥ ዝነበረ) ካልኦትን ተቓወምቲ ሓይልታት ሓድሽ ነታጉ ተኺሎም ይበሃል። ኣብዚ ዓመት እዚ ናይ መንግስቲ ነታጉ ሓይሊ ምስ ናይ ሕቡራት መንግስታት ነታጉ ስራሕ ኮሚሽን ብምትሕብባር፣ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝርከብ ግዜያዊ ናይ ጸጥታ ቦታ ናይ ምጽራይ ፕሮግራም ቀጺሉ።

### ለ፤ ሽርበት

ኣብዚ ዓመት እዚ ብፖለቲካዊ ምኽንያት ዝተሸርቡ ከምዘይነበሩ ተሓቢሩ።
እንተኾነ ግን ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ዝተሸርቡን ሃለዋቶም ዘይተፈለጠ ጉዳይ ጌና ይቕጽል ኣሎ።

ክሳብ መወዳእታ ዝሓለፈ ዓመት ብዛዕባ እቶም ብ2001 ዝተኣሰሩ 11 ዝቑጽሮም ላዕለዎት ኣባላት ህግደፍን ሃገራዊ ባይቶን፣ ብዙሓት ጋዜጠኛታትን፣ ከምኡውን ስራሕተኛታት ዲፕሎማሲያዊ ሚሽናት ድሃይ የለን። ካብዞም ብ2001 ዝተኣሰሩ ሓደ ካብኣታቶም ኣብ ዝሓለፈ ዓማውቲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝሞተ ክሕበር እንከሎ ገሊኦም ድማ ንውልቆም ተኣሲሮም ከምዘለው ተሓቢሩ። ከምኡውን እቲ ብ2001 ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝኣተወ ጋዜጠኛ ፍስሃየ (ጆሽዋ) ዮውሃንስ፣ ብዘይተረጋገጸ ምኽንያት ሞይቱ ዝብል ጸብጻብ ኣሎ።

## ሐ፤ ምስቓይን ጭካነ ብዝመልኦ ኣገባብ ምውራድን ምሓዝን ምቕጻዕን

እቲ ሕጋዊ ግንከ ዘይተተግበረ ቅዋም ኤርትራ ምስቓይ ይቃወም። ናይ ጸጥታ ኣባላት ግን ብፍላይ እሱራት ክምርመሩ እንከለዉ፣ ስቃያትን ኣካላዊ ማህረምቲ ከምዘዘውትሩ ዝገልጽ ብዙሕ ሓበሬታት ኣሎ። ካብ ግዱድ ዉትህድርና ዝሃደሙን ኣብ ግዱድ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብዘይምስታፍን ዝተገፉ፣ ብኣባላት ጸጥታ ብዝወረዶም ስቅያትን ብርቱዕ ማህረምቲን ከምዝሞቱ ዝእመኑ ምንጭታት ይሕብሩ። ኣብዚ ዓመት እዚ ኣባላት ጸጥታን፣ ሓይልታት ምክልኻልን ካብ ኣስገዳድ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንዝሃደሙን፣ ብዘይ ፓስፖርትን ናይ መውጽኢ ፍቓድን ካብ ሃገር ክወጹ ንዝፈተኑ ሰባትን፣ ብፍላይ ንገለ ኣባላት ካብቶም መንግስቲ ዘይተፍቕዶም ሃይማኖታዊ እምነታት እንተኾይኖም ብሕማቕ ከምዝሓዙዎምን ከምዝሃረሙዎምን ተሓቢሩ። ሓይልታት ጸጥታ ካብ ኣገልግሎትን ግፉን ንዝሃደሙ ሰባት ካብ 120 ዲግሪ ንላዕሊ ዘለዎ ሙቐት ብምስጣሕን ኣእጋሮምን ኣእዳውምን ምሕኹልትን ንነዊሕ እዋን ቆፌዶም ብምእሳር ስቅያት ከምዘዉሩዱሎም ተነጊሩ። ነዞም ግፍዓዊ ተግባር ዝፍጽሙ ሰባት ዝኾነ ዓይነት ናይ ጌጋ ጌርኩም ወይ ኽሳ ሓላፍነት ኣሰኪሙ ተሓታቲ ዝገብሮም ኩነት የልቦን።

ቁጽሩ ዘይተፈለጠ ምስጢራዊ ናይ ቀይዲን ግፍዓዊ ተግባራት ዝፍጸመሉ ቦታታት ከምዘሎ ካብቲ ቦታታት ዝሃደሙ እሱራት ይሕብሩ። ንኣብነት ሓለፍቲ መንግስቲ ብ “ኣልማዝ” ዝፍለጥ መቕጻዕቲ፣ ንእሱራት ኣእዳዎም ብኩርኩሪት ኣሲሮም ካብ ኣእዋም የንጠልጥልዎም። “ሄሊኮፕተር” ብዝበሃል ድማ ኣእዳዎምን ኣእጋሮምን ኣሲሮም ገጾም ንታሕቲ ብምግባር ገምጢሎም ከምዝኣስርዎም ተሓቢሩ።

ኣብ ኣስገዳድ ዕስክርና ዝኣተዋ ደቂ ኣንስትዮ ጾታዊ ዓመጽን ብዕልግና (ሰክሽዋል ሃራስመንት & ኣብዩዝ) ይወርደን ኣሎ ዝብሉ ጸብጻባት ኣለዉ። ኣብ ናይ ሳዋ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ኣሰልጠንቲ ንደቂ ኣንስትዮ ዓሚጾም ዝብል ቀጻሊ ጸብጻብ ኣሎ። ኣብዚ ዓመት እዚ መንግስቲ ጓል ኣንስተይቲ ተመሃሪት ንበይና ምስ ሓደ ወዲ ተባዕታይ ካድር ክትከውን ዝኽልክል “ናይ ጠባይ መምዘኒ” ኣብ ግብሪ ኣውዒሉ ዝብል ዘይተረጋገጸ ጸብጻብ ኣሎ።

## ኩነታት ኣብያተ ማእሰርትን ቀይድን

ሓፈሻዊ ኩነታት ኣብያተ ማእሰርቲ ንህይወት ኣዝዩ ኣስጋኢን ሃሳዪን ኮይኑ ይርከብ። እሱራት ኣብ ጽሩይን ብዙሕ ኣየር ዘይኣትዎን ዘቃጽል ኮንተይነራትን፣ ትሕቲ ምድሪ ዝርከብ ጎዳጉዲ ከምዝተሓዙ ይንገር። ከምቲ ዝበሃል እቶም እሱራት ኣብ ኮንተይነር ብኽቱር ምብዝሖም ኩሎም ብሓደ እዋን ክድቅሱ ዘይክእሉሉ ጽበት ከምዘሎ ተሓቢሩ።

እቶም ካብ ግፉን ወተሃደራዊ ኣግልግሎትን ዝሃደሙ ንሓጺር ግዜ ዝተሓዙሉ ኣብያተ ማእሰርቲ እውን ንህይወት ዘሰግእ ኮይኑ ይርከብ። ዘይተረጋገጹ ሓበሬታታት ከምዝብልዎ ከምዚ ዝኣመሰሉ ብሚእቲታት ዝቑጸሩ እሱራት ኣለዉ። ካብ ኣገልግሎት ሃዲሞም ንዝተታሕዙ ናብ ዊዓ ወተሃደራዊ መደበር ይውስዱን ይቕጥቐጡን፡ ክሳብ ናብ ኣሃዱኦመ ዝምለሱ ን2 ዓመት ዝኸውን ኣብ ዊዓ ይጸንሑ። ከም ዝብሃል ኣብ ጥቓ ኣስመራ ዝርከብ ቤት ማእሰርቲ ንፋስ ዘይኣትዎን መብራህቲ ዘይቡሉን፣ ትሕቲ መሬት ዝርከብ ጎዳጉዲ፣ ብዙሓት ቦታ ዝጸበቦም እሱራት ኣለዉ። በዚ ሕማቕ ኩነታት፣ ገለ እሱራት ኣካላዊ ማህሰይትን ስነ

ኣእምሮኣዊን ጭንቀትን ከምዝገበሩን ይንገር። ብተወሳኺ ብሰንኪ ሕማምን ስእነት ክንክን ብዙሓት ኣብ ዊዓ መዓስከር ከም ዝሞቱ ሓበሬታ ኣሎ።

ኣብ ኣስመራ ፍሉይ ንትሕቲ ዕድመ እሱራት ዝተሓዙሉ ቦታ ኣሎ ይበሃል። ግንከ ኣብዚ እዋን እዚ ዓቕመ ኣዳም ዘይበጽሑ ጥርጡራት ደቂ ተባዕትዮ፣ ምስ ዓበይቲ እዮም ዝእሰሩ። ብኣንጻር ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ጸብጻብ፣ ነዚኣቶም ጸታዊ ግፍዒ ወሪድዎም ዝብል ጸብጻብ የልቦን። ዝበዝሕ ግዜ እቶም ፍርዶም ዝረኸቡን ኣብ ፍርዲ ዘይቀረቡን ኩላቶም ኣብ ሓደ እዮም ዝተሓዙ።

ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከቡ ናይ ደቀ ሰብ መሰል ተጣበቕቲ፣ መንግስቲ(ኤርትራ) ንከይሰርሑ ስለዝኣገደ እሱራት ክበጽሑ ኣይከኣሉን። ኣህጉራዊ ናይ ቀይሕ መስቀል ኮሚቲ (ICRC)፣ መንግስቲ (ኤርትራ) ከዲዖም ዝመጹ ብዝሕ ዝበሉ ኢትዮጵያውያን ወታሃደራት እዮም ንዝበሉዎም ክበጽሕ ክኢሉ። ኣብ መደበር ፖሊስን ኣብያተ ማእሰርቲ ዝርከቡ በርጌስ እሱራት ኢትዮጵያውያንን ክምዝግብን ንክበጽሕን ፍቓድ ሂቡ። መንግስቲ ግን ኣህጉራዊ ናይ ቀይሕ መስቀል ኮሚቲ (ICRC) ንኻልኦት እሱራትን ኣብ ቀይዲ ዝኣተዉን (ኤርትራውያን) ክበጽሕ ኣይፈቐደን።

መንግስቲ ኤርትራ ናይ እሱር ቤተ ሰብ ስለስተ ሳዕ ኣብ ሰሙን ንኽበጽሕዎም ፈቒዱ። እዚ ፍቓድ እዚ ግን ነቶም ሃገራዊ ኣግልግሎት ዝኣበዩን፣ ንጸጥታ ኣስጋኢ ዝተባህሉ እሱራት ዝምልከት ኣይኮነን።

## መ፤ ብዘይ ግቡእ ሕጋዊ መስርሕ ምቕያድን ምእሳርን

ሕጋዊን ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ ቅዋም ኤርትራ ብዘይ ግቡእ ሕጋዊ መስርሕ ምእሳር ወይ ምቕያድ ኣይፍቀድን እኳ እንተበለ ብዘይ ኣገባብ ዝካየድ ማእሰርትን ምቕያድን ቀጻሊ እዩ።

### ተራ ጸጥታን ፖሊስን

ፖሊስ ወግዓዊ ስርሖም ናይ ውሽጢ ጸጥታ ምሕላው እዩ። ሓይልታት ምክልኻል ድማ ብወጻኢ ዝመጽእ ጸጥታዊ ሓደጋ እዩ ዝከላኸል። እንተኾነ ግን መንግስቲ ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ጸላኢ ምክልኻል ብዝብል ምኽንያት ንሓይልታት ምክልኻልን፡ ዕቑር ሰራዊትን፣ ዝተጣየሱ ተጋደልቲን፣ ከይተረፉ ክጽውዕ ይኽእል። ተጸዋዕነቶም ንቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ጥራሕ ዝኾኑ ናይ ጸጥታ ኣባላት ናይ ሃገር ድሕነት ኣብ ሓደጋ ኣውዲቖም ኢሎም ንዝጥርጥርዎም በርጌሳውያን ሰባት ናይ ምእሳር ሓላፍነት ኣለዎም። ከምኡ እውን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ሰባት ክቕይዱን ክኣስሩን ይፍቀደሎም። ብልምዲ ፖሊስ ኣብ ሃገራዊ ጸጥታ ዝምልከት ጉዳያት ኣይኣትዉን እዮም ኔሮም። ካብ 2005 ጀሚሩ ግን ፖሊስ ካብ ሃገራዊ ኣግልግሎት ንዝሃደሙ ኣብ መንገዲ ክገፉ ይርኣዩ።

እቶም ዝበዝሕ ግዜ ብሓይሊ ዝዕሰቡ ፖሊስ ብዙሕ ደሞዝ ኣይክፈሎምን እዩ። ስለዝኾነ ድማ ኣብ ብልሽውና ናይ ምስታፍ ፈተና የጋጥሞም። እቶም ፖሊስ ከም ኣባላት መንግስቲ መጠን ንቤተ ሰብን ፈተውትን እሱር ኣብ ምሕጋዝ ይተሓባበሩ እዮም። ምስኡ ግን ፖሊስ እሱራት ንምፍታሕ ጸጸኒሖም ጉቦ ይቕበሉ እዮም ዝብል ጸብጻባት ኣለዉ። ሓይልታት ምክልኻል ድማ ዶብ ሰጊሮም ንዝሃድሙ ምእንቲ ከሕልፉ፣ ገንዘብ ይቕበሉ እዮም ይበሃል።

ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመት ኣባላት ፖሊስን፣ ሓይልታት ምክልኻልን ኣባላት ጸጥታን ብዘይ ሕጋዊ መስርሕ ሰባት ኣሲሮም። ኣብቲ ናይ ምእሳር ጊዜ ብፍላይ ፖሊስን ጸጥታን ሓይሊ ተጠቒሞም። ኣብ መንገዲ ኣብ ዝካየድ ግፋ ፖሊስ ነቶም ናይ መንነት ወረቐት ከቕርቡ ዘይከኣሉ ብሓይሊ ኣሲሮሞም። እቶም ኣብ ሃገራዊ ኣግልግሎት ዝሳተፉ ኣብ ዝኾነ ቦታ እንተድኣ ተረኺቦም፣ ናይ "መንቀሳቐሲ" ወረቐት ፍቓድ ከርእዩ ይግደዱ። እዚ ብሓለፍቶም ዝተፈረመን ናበየናይ ቦታ ከምዝንቀሳቐሱ ዝሕብር መረዳእታ እዩ። ኣብ እዋን ግፋ፣ ግፍዒ ወሪዱ ኢልካ ንኣባላት ፖሊስ፡ ጸጥታ ይኹን ሓይልታት ምክልኻል እተርክበሉ ጥርዓን ይኹን ክሲ እተብጽሓሉ ኣገባብ የልቦን።

## ማእሰርትን ቐይድን

ሕጊ ቅዋምን ዝተኣሰረ ሰብ፣ ኣን ቀይዲ ዝኣተወ ሰብ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓት ኣብ ቅድሚ ቤት ፍርዲ ኪቐርብ ኣሎዎ ይብል፡ ከምኡውን ብገበን ዘይተኸሰ ሰብ ካብ 28 መዓልታት ንላዕሊ ክትሓዝ ኣይፈቅድን ይብል። ኣብ ግብሪ ግን ገበነኛ ተባሂሉ ዝተጠርጠረ ኩሉ ካብዚ ንላዕሊ ይእሰር። "ገበን እናተኻየደ" እንከሎ ዝተታሕዙ ጥራሕ እዮም ፖሊስ ብቤት ፍርዲ ዝወጸ ናይ መእሰሪ ትእዛዝ ፍቓድ ኣብ ዘይብሉ ንኽኣስሩ ዘፍቅድ። እዚ ማለት ኣብ ሓደ እዋን ገበን እናተኻየደ እንከሎ ናይ ቤት ፍርዲ ፍቓድ ምጽባይ ኣየድልን። እንተዘይኮነ ግን ከምቲ ግቡእ፣ ምርመራ ኣካይዶም፣ ናይ ቤት ፍርዲ ፈቓድ ኣምጺኦም ጥራሕ እዮም ንሰብ ክኣስሩ ዝኽእሉ። እቲ ገበን ናይ ጸጥታ ጉዳይ እዩ እንተድኣ ተባሂሉ ግን እዚ መስርሕ ይግደፍ። ብግብሪ ናይ ቤት ፍርዲ ፈቓድ ወጺኡ፣ እሞ ብኣገባብ መስርሕ ተኻይዱስ ዝእሰሩ ውሑዳት ሰባት እዮም። እቶም ዝኣስሩ ሰበ ስልጣን ነቶም ዝወስድዎም ሰባት መእሰሪኦም እንታይ ምዃኑ ብመዓልቱ ኣይነግርዎምን። እንታይ ድኣ ምኽንያት ከይፈለጡ ተኣሲሮም ይጸንሑ። ዝበዝሕ ግዜ እሱራት ናይ ሕጊ ኣማኻሪ/ጠበቓ ክረኽቡ ዕድል የብሎምን። ኣብ ቅድሚ ዳኛ ከይቀረቡ፣ ካብ ሰብ ተፈልዮም መራኸቢ ኣብ ዘይብሉ ይትሓዙ። ሕጊ ብዋሕስ ምውጻእ ዘኽእል ኣገባብ ኣለዎ፣ እዚ ግን ብናይ ጸጥታ ጉዳይ ንዝተኣሰሩን ናይ ሞት ፍርዲ ዝተበየነሎምን ኣይምልከትን እዩ።

ኣባላት ጸጥታ ንዓመት ሙሉእ ናይ ማእሰርቲ ወፈራ የካይዱ። ብ2005 ዝጀመርዎ ካብ ኣገልግሎት ናይ ዝሃደሙን ዶብ ሰጊሮም ዝኸዱ ወለድን በዓል ሓዳርን ምእሳር ቀጺሎሞ። ኣብ ዓይኒ ሕጊ ነዚ ከምዚ ዝዓይነቱ ምእሳር ዝምልከት ዓንቀጽ የልቦን።

ብታሕሳስ 2006 ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናይ ዝሃደሙ ኣባላት ስድራ ቤት ብጸጥታ ተኣሲሮም ከብቅዑ፣ ክሳብ መወዳእታ ዓመት ኣብ ማእሰርትን ሕማቕ ኩነታት ይርከቡ። ከምቲ ዝበሃል ስድራ ቤት ሃደምቲ ኣብ ክንዲ ማእሰርቲ ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ክፈሉም ከምዝተፋነው ዝሕብር ጸብጻብ ኣሎ።

ፖሊስ ኣብ ኣስመራ ዝርክባ ናይ ምሽት ናይ ትልሂት ቦታታት ንገለ ሰባት ኣሲሮም ዝብል ጸብጻብ ኣሎ። እቶም ብ2006 ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ቦታት ዝተኣሰሩ ጌና ኣብ ቀይዲ ይሃልው ኣይሃልው ኣይተፈልጠን። እቶም ሽዑ ዝተኣሰሩ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ምስታፍ ዝሃድሙን ኣብ ናይ ሃገር ድሕነት ኣስጋእነት ኣለዎም ዝተባህሉ እዮም ኔሮም።

መንግስቲ ድርብ ዜግነት ብወግዒ ኣይፈልጥን እዩ። ነዚ ዝእምት፣ ኣብዚ ዓመት ናይ ኤርትራን ናይ ካልኦት ሃገራት ዜግነት ዘለዎም (dual citizenship) ሰባት ካብቲ ብሃውሪ ዝካየድ ማእሰርቲ ኣየምለጡን። ናይዚ ማእሰርቲ ምኽንያት ናይ ሃገር ጸጥታ ንምሕላው እዩ ይበሃል። ሓደ ናይ ወጻኢ ዲፕሎማት እውን ብዘይ ሕጋዊ መስርሕ ኣብ ቀይዲ ኣትዩ። ኣብቲ ሃገር ናይ በርጌስ ክዳውንቲ ዝለበሱ፣ ወከልቲ ኣባላት ጸጥታ ኣብ ናይ ሰብ መንበሪ ገዛውቲ እናኸዱ ብዘይ ናይ ቤት ፍርዲ ፈቓድ ማእሰርቲ የካይዱ እዮም ዝብሉ ጸብጻባት ኣለዉ። ኣባላት ጸጥታ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ሃዲሙ ካብ ምባል ጀሚሮም ክሳብ ዘይተዘርዘረ ናይ ሃገራዊ ድሕነት ክስታት ምኽንያት ብምግባር ሰባት ከምዝኣስሩ ይንገር። ገለ ምስ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን መንግስቲ ርክብ ዘለዎም፣ ነዚ ዝምድና ብምጥቃም፣ ብናይ ውልቆም ጽልኢ ሰባት የእስሩ እዮም ዝብሉ ጸብጻባት እውን ኣለዉ።

ዋላኳ ናይ መንቀሰቓሲን፣ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከምዝማልኡ ዝሕብር ናይ መረጋገጺ ወረቓትን እንተለዎም፣ ኣባላት ጸጥታ ኣብ ዘካይድዎ ወፈራ ካብ ሰለስተ መዓልቲ ንዘይውሕድ ብዙሓት ሰባት ኣሲሮም።

መንግስቲ ንጋዜጠኛታትን ኣንጻር መንግስቲ ዝተዛረቡን ናይ ዘይተመዝገቡ እምነታት ኣባላት ብዘይ ሓጋዊ መስርሕ ክኣስርን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከእቱን ዝጀመሮ ስራሕ ቀጺሉዎ።

ኣብዚ ዓመት እዚ ብኣንጻር ናይ 2006፣ ኣብ ዓዓመት ዝግበር ናይ መንበሪ ፈቓድ መሐደሲ ገንዝብ ኣይከፈሉን ብምባል ኢትዮጵያውያን ዜጋታት ብፍላይ ኣያሰረን።

ብ ኣንጻር ናይ 2006 ኣባላት ማሕበር ሰራሕተኛትት ከም ዝተኣሰሩ ዝሕብር ዘና የለን፡ እቶም ብወርሒ ሕዳር 2005 ዝተኣሰሩ ሰለስተ ናይ ሰራሕተኛታት ማሕበር መራሕቲ ኣብዚ ዓመት እዚ ተፈቲሖም።

ብ2002፣ ምስቶም 11 ናይ ህ.ግ.ደ.ፍ. ላዕለዎት ኣባላት ባይቶ ምትእስሳር ኣለኩም ተባሂሎምን ካብ ናይ ዲፕሎማሲያዊ ቦታኦም ተጸዊዖም ዝተኣሰሩ ገለ ሰባት ጉዳይ ዝተመጻረየ ሓበሬታ የልቦን። 4 ዝኾኑ ኤርትራውያን ዲፕሎማት ንብዙሕ ዓመታት ዝተኣሰሩ ኣብ ዓመት መወዳእታ ጌና ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ይርከቡ። ካብዚኣቶም ናይ ቓይና ኣምባሰደር ነበር ኤርምያስ ደበሳይ (ፓፓዮ)ን፣ ኣስቴር ዮውሃንስ፣ በዓልቲ ቤቱ ንወጻኢ ጉዳይ ሚኒስትር ነበር ጴጥሮስ ሰለሙንን ይርከብዎም። ናይ ወጻኢ ኤምባሲ ዝሰርሑ ዝነበሩ እሞ ካብ 2001 ጀሚሮም ዝተኣሰሩ ክልተ ዜጋታት ጌና ብዘይ ክሲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ይርከቡ። ክልተ ኣብ ካልእ ኤምባሲ ዝሰርሑ ዝነበሩ ዜጋታት ብ2005ን 2006ን ዝተኣሰሩ ሓደ ዜጋ ኣብዚ ዓመት እዚ ተፈቲሑ። እቲ ካልኣዩ ግን ጌና ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ይርከብ። ኣብ ሓደ ናይ ዲፕሎማሲያዊ ሚሽን ዝሰርሑ ክልተ ዜጋታት፣ ወግዓዊ ስርሖም እናኣካየዱ እንከለዉ ብዘይ ክሲ ተኣሲሮም፣ ግንከ ኣብ ዓመት መወዳእታ ተፈቲሖም። ኣብዚ እዋን እዚ ካብ ኤርትራ ክወጽእ ዝደለየ ሓደ ናይ ወጻኢ ፓስፖርትዝሓዛ ሰብ፡ ንሓደ ሰሙን ዝኻዉን ካብ ምዉጻእ ተኸልኪሉ።

መንግስቲ ኤርትራ ንብዙሓት ኣባላት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብዘይ ክሲ ኣብ ማእሰርቲ ምሓዝ ከምዝቐጸለ ጸብጻባት ይሕብሩ። ንነጻነት ካብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተኻየደ ኲናት፣ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሓደ ዝዓጠቐ ውድብ ኔሩ።

መንግስቲ ኣብዚ እዋን ብዙሓት ሰባት ይኣስር ኣሎ። ግንከ ካብቶም ብዙሓት ብዘይ ክሲ ዝተኣሰሩ ሰባት፣ ኣብዚ ዓመት እዚ ቁጽሮም ዘይተፈለጠ፣ ኣብ ቤት ፍርዲ ከይቀረቡ ተፈንዮም ዝብሉ ዝተጋነኑ ጸብጻባት ኣለዉ። እዚኦም ኣንጻር መንግስቲ ተዛሪብኩም፣ ወይ ድማ ምስቶም ብ2001 ዝተኣሰሩ ኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍ. ምትእስሳር ኣለኩም፣ ብምባል እዮም ዝተኣሰሩን፣ ሕሉፍ እስላማውያንን ወይ ድማ ናይ ሽበራ ውድባት ኣባላት ተባሂሎም ዝተጠርጠሩ ይርከብዎም። ካብ 10 ዓመታት ንላዕሊ ዝተታሕዙ እሱራት ኣለዉ። እዚኦም ኣብ ቤት ፍርዲ ዘይቀረቡን ምስ ጠበቓ ምርኻብ ዕድል ዘይብሎም እዮም ይብል እቲ ጸብጻብ።

## ሰ፤ ማእሰርትን ቀይድን ፍትሓዊ ፍርዲ ዘይምርካብ

ሕጊን ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ ቅዋም ኤርትራ ነጻ ሕጋዊ ኣካል የፍቅድ። ሕጋዊ ኣካል ግን ድኹምን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ፈጻሚ ኣካል ይርከብ። ናይ ኣብያተ ፍርዲ ናይ ብልሽውና ሽግር ብቐጻሊ ይርእ። ናይ ቤት ፍርዲ መስርሕ ባዕሎም ፈራዶ ዝኾኑ ተጋደልቲ ነበርን ብኣታቶም ዝጽሎን እዩ። ፈጻሚ ኣካል ኣብ ልዕሊ ሕጋዊ ኣካል ዝገብሮ ምቁጽጻር ቀጻሊ ኾይኑ ይርከብ። ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ኣብ ክንዲ ቤት ፍርዲ፣ ናይ ዜጋታት ጥርዓን ተቐባልን፣ ወይ ናይ ሽማግለ፣ ወይ ከኣ ናይ ህዝቢ ጉዳይ ኣሳላጢ ተራ ይጻወት። ናይ ኪኢላ ሰብ ሕጸረትን፣ ወሑድ መሳርሒ ገንዘብን ንሓጋጊ ኣካል ድኹም ስለዝገብሮ፣ መንግስቲ ፍትሓዊን ቁልጡፍ ብዝኾነ ኣገባብ ናይ ተኸሰስቲ ጉዳይ ከሳልጠ ዝኽእለሉ ዓቕሚ ተደሪቱ ይርከብ። ገለ ኽስታት ኣብ ቅድሚ ዳኛ ብግህዶ ተኻይዶም፤ ግንከ እቶም ጸጥታዊን ፖሊቲካውን ምኽንያት ዘለዎም ኣብ ቤት

ፍርዲ ክቐርቡ ኣይተፈቕደን። ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታትን፣ ፈራዶን፣ ጠበቓታትን ካልኦት ኣብ ሓጋጊ ኣካልን መሰርሕን ዝሳተፉ ዝነበሩ ኣብዚ እዋን እዚ ንሃገራዊ ኣገልግሎት ስለዝተወሰዱ፣ ናይቲ ኣካል ናይ ምስራሕ ዓቕሚ ትሒቱ ይርከብ። ነቶም ካብ መንግስታዊ ስራሕ ናብ ብሕቲ ናይ ጥብቅና ስራሕ ክዋፈሩ ናይ መሰርሒ ፈቓድ ንዝሓተቱ፣ መንግስቲ ኤርትራ ፍቓድ ካብ ዘይሀብ ሾሞንተ ዓመት ጌሩ።

እቲ ብ1997 ተዳልዩ ዝቐረበ ቅዋም፣ ኣብቲ ዓመት እቲ ብሃገራዊ ባይቶ ጸዲቑ።  እዚ ቅዋም እዚ ንፍትሓዊ ፍርዲ ዝምልከት ዓንቀጻት ዘለዎ ቅዋም እዚ ግን ኣብ ግብሪ ኣይወዓለን። ብመሰርሕ መንግስቲ፣ እቲ ሕጋዊ ኣካል ብናይ ፍትሐ ብሄር ኣካልን ፍሉይ ቤት ፍርዲን ዝቆመ እዩ። ናይ ፍትሐ ብሄር ናይ ፍርዲ ትካል ናይ ኮማዊን ኣውራጃውን እቲ ዝለዓለ ይግባይ ዝቕበል ድማ ላዕለዋይ ቤት ፍርድን የጠቓልል። ካብ ሲቪላዊ ክሳብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ናይ ይግባይ መሰል ኣሎ። እቲ ናይ ህዝቢ ኣካል ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይግባይ ክብል ይኽእል። እዞም ኮማዊ ኣብያተ ፍርዲ ፍኹስ ዝበሉ ጉዳያት፣ ማለት ዝተኸሱሉ ጉዳይ ካብ $7,300 (110,000 ናቕፋ) ዝወሕድ ዝትመን ክኸውን እንከሎ እዮም ነቲ ክሲ ዝቕበልዎ። እቲ ክሲ ከም ቅትለት፣ ግህሰት (ብሓይሊ ምዕማጽ)ን፣ ዝኣመሰሉ ክብድ ዝበሉ እንተድኣ ኮይኖም ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይሰምዑ። ሓደ ዳኛ ነቲ ጉዳይ ባዕሉ ንበይኑ ይሰምዮ። ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዝሰምዑ ጉዳያት ሰለስተ ደያኑ ይርከብዎ። ዝለዓለ ጥርዓን ማለት እቲ ክሲ ናይ መወዳእታ ይግባይ ዝሰምዓሉ፣ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክቐርብ እንከሎ ሓሙሽተ ደያኑ ዝሓዘ ኣካል ነቲ ጉዳይ ይሰምዮ።

ብቤት ጽሕፈት ፕረሲዳንት ዝምራሕ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ስርሑ፥ ስርቅን፣ ናይ ንብረት ብዕልግናን፣ ገንዘብ ምጥፍፋእን ዝኣመሰሉ ከበድቲ ገበናት እዩ ዝምልከቶ ይበሃል። ኣብ ግብሪ ግን ናይ ምምሕዳር መምርሒ ናብተን ካልኦት ኣብያተ ፍርዲ ይልእኽ። ኣየኖት ክስታት እዮም ብፍሉይ ቤት ፍርዲ ዝሰምዑ ዝውስን ቤት ጽሕፈት ዓቃብ ሕጊ እዩ። ኣብ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ጠበቓታት ክሰርፍሑ ኣይፍቐደን። እቶም ከም ዓቃብ ሕጊ ዝሰርሑ ደያኑ፣ ክሱሳት ባዕሎም ንጉዳዮም ይጣበቑ። ፍሉይ ቤት ፍርዲ ንፈጻሚ ኣካል ብዘይ ሕጋዊ መሰርሕ ኣብ ልዕሊ ክሱሳት መቕጻዕቲ ክብይን ኣፍቂዱ እዩ። ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ዝቐርቡ ጉዳያት ብግህዶ ኣይኮኑን ዝሰምዑ።

ኩሎም እቶም ኣብ ክልቲኡ ኣብያተ ፍርዲ ዝርከቡ ደያኑ ላዕለዎት ወተሃደራዊ ሓለፍቲ ነበር  ኢዮም። እዚኣቶም ወግዓዊ ናይ ሕጊ ትምህርቲ ኣይቀሰሙን። እቲ ኣብ ልዕሊ ክሱሳት ዝብይንዎ ውሳነ ኣብ “ናይ ሕልና” ዝበሃል ድኣምበር ብስርዓት ሕጊ ዝተደገፈ ኣይኮነን። ነዚ ኣካል እዚ ዝድርቶ ናይ መቕጻዕቲ ገደብ የልቦን። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ፍሉይ ቤት ፍርዲ ናይ ሂወት ሕልፈት መቕጻዕት ኣይሃበን።ነቲ ክሱስ ዝተፈርደሉ ጉዳይ ከም ብሓድሽ ኣይክሰሰን (double jeopardy) ዝብል ዓንቀጽ ሕጊ ብምጥሓስ፣ ቤት ጽሕፈት ዓቃብ ሕጊ ብፍትሐ ብሄር ቤት ፍርዲ ዝበየኖ ጉዳይ እንደገና ብፍሉይ ቤት ፍርዲ ንኽሰማዕ የፍቅድ። ብዙሕ ድኣ ኣየጋጥመን እምበር፣ ሓደ ሓደ ናብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ዝቐረቡ ጥርዓናት፣ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ንጉዳዮም ዳግመ ግምት ንኽዋሃቦ ጌሩ ይበሃል።

ህዝቢ ምስ ሕጋዊ ኣካል ብኮማዊ ኣብያተ ፍርዲ እዩ ዝራኸብ። ኣብዘን ናይ ህዝቢ ኣብያተ ፍርዲ፣ ፈራዶ ናይ ፍትሐ ብሄር ጉዳያት ክሰምዑ ከለዉ፣ ካልኦት ጉዳያት ድማ ገበናዊ ሕጊ ብዝፈልጡ ደያኑ ይስማዕ ። ኣብ ሓደ ሓደ እዋን እዚአን ህዝባዊ  ኣካላት ንገበናውን ናይ ፍትሐ ብሄር ጉዳያት ይሰምዑን ይፈርዱ። ናይ ፍርዲ ኣገባብ መሰርሕ ንምምዕባል ሚኒስትሪ ፍትሒ ዝህቦ ኣስተምህሮታት ኣለዎ።

ኣብ ፍርዲ ዝበጽሑ ክልተ ወገናት እንተድኣ ኣመንቲ ሃይማኖት ምስልምና ኮይኖም፣ ናይ ስድራ ቤትን ውርሻን ጉዳያት ናይ ሸሪዓ ሕጊ ብምምርኳስ ክፍረዱ ይኽእሉ። እዚ ናይ ሸሪዓ ኣገባብ ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ሰብ ኣካላዊ መቕጻዕቲ ክፈርድ ኣየፍቅድን እዩ።

**ኣገባብ ፍርዲ**

ሕጊን ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ ቅዋም ኤርትራ መሰረታዊ መሰላት ናይ ክሱስ ዝሕሉ ፍሉጥ ዓንቀጻት ኣለዎ። ክሱስ ናብ ቤት ፍርዲ ብኣካል ክቐርብን ጠበቓ ናይ ምህላው መሰልን ኣለዎ። ግንከ ብዝሕ ዝበሉ ክሱሳት፣ ሰኣን ገንዘብ ጠበቓ ክቖጽሩን ከማኽሩን ኣይክእሉን እዮም። እቲ ዝወሃብ ሕጋዊ ሓገዝ ማለት ብመንግስቲ ዝምደብ ጠበቓ፣ ን10 ዓማውቲ ዘቕጽዕ ገበን ፈጺሞም ንዝበሃሉ ሰባት ጥራሕ እዩ ዝወሃብ። ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክሱሳት ንኸሰስቶም ክብድህዎምን ክሓትዎም መሰል ኣለዎም። ክሱሳት መረድኢ ከቕርቡን ንመሰኻኽር ክሓቱን፣ ናይ መንግስቲ መረዳእታ ናይ መእሰሪኦም ክፈልጥዎን፣ ይግባይ ክብሉን ከምኡውን ብቤት ፍርዲ ገበነኛ ምዃኖም ክሳብ ዝረጋገጽ፣ ከም ንጹሃት ክውሰዱ ዘረጋግጹ መሰላት ኣብ ግብሪ ኣለዉ። እዚ ኩሉ ናይ መከላኸሊ መሰላት ክሱስ፣ ኣብ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ንዝቐርብ ኣይምልከቶን ወይ ኸኣ ኣይክበረሉን እዩ።

## ናይ ፖለቲካን ካልኦት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝርከቡ እሱራትን

ኣብዚ ዓመት እዚ ሓደስቲ ናይ ፖለቲካ እሱራት ኣለዉ ዝብል ዝተረጋገጸ ጸብጻብ የልቦን። እንተኾነ ግን ብሰንኪ ፖለቲካ፣ ብዙሓት ሰባት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ዝብሉ ጸብጻባት ኣለዉ። ብ2001 ብዘጋጠመ ናይ ፖለቲካ ቅልውላው ዝተኣሰሩ ብዙሓት ኣለዉ። እዚኣቶም ኣንጻር መንግስቲ ተዛሪብኩም ወይ ኸኣ ኣንጻር መንግስቲ ምስ ዝኾኑ ሰባት ምትእስሳር ኣለኩም ተባሂሎም ዝተኣሰሩ እዮም። እዚኣቶም ኣብ ቤት ፍርዲ ኣይቀረቡን፣ ከምኡውን ጠበቓ ናይ ምምኻር ዕድል ኣይተዋህቦምን። ቀይሕ መስቀል ነዚኣቶም እሱራት ክበጽሕ ኣይተፈቕደሉን።

## ናይ ፍትሐ ብሄር ሕጊ መስርሕን ኣገባብ ኣመዐራርዩኡን

ሰብኣዊ መሰላትና ብመንግስቲ ተገፊዑ ንዝብሉ ሰባት ብሕጊን ናይ ፍትሐ ብሄር ኣገባብን ጥርዓኖም ዘሰምዕሉ መስርሕ ፍትሒ የልቦን። ብዘይ ሕጋዊ መስርሕ ብዙሓት ዝተቐየዱ ሰባት ኣለዉ። ከምኡ እውን ብኣብያተ ፍርዲ ዝተበየነ ኹሉ ኣብ ግብሪ ምውዓል ኣይክኣልን እዩ። እንተኾነ ግን ምስ ኣባላት ናይ ፈጻሚ ኣካል ዝምድና ዘለዎም ሰባት፣ ተጋደልቲ ነበርን፣ ርኹባት ማለት ሃብቲ ዘለዎም ሰባት ኣብ ቤት ፍርዲ ናይ ፍትሐ ብሄር ብይን ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

## ምምላስ ንብረት

መንግስቲ ብዘይ ካሕሳ ንብረት ሰባት ወሲዱ ዝብል ጸብጻባት ኣለዉ። ንኣብነት ብመስከረም 19 ኣብ ወረዳ ኦምሓጀርን ጉልጅን ናይ ዳግመ ህንጻ መደብ ዝሓለፎ ቦታ፣ መንግስቲ ንነበርቲ ብሓይሊ ኣልጊሱ ብምምዝባል፣ ካልኦት ሰባት ኣብቲ ቦታ ከምዝቕመጡ ጌሩ ዝብል ዘይተረጋገጸ ጸብጻብ ኣሎ። ቅድሚ ነጻነት ካብ ወጻእተኛታት ንዝተሃገረ ንብረት መንግስቲ ጌና ካሕሳ ኣይሃበን ወይ ውን ንዋናታቱ ኣይመለሰን። ብድሕሪ ብ2005ም ብ2006ን ናይ ዘይመንግስታዊ ትካላት(ኤንጂኦ) ብሓይሊ ምዕጻዉ፣ መንግስቲ ናይዘን ትካላት ንብረትን ኩሉ ከረክብዎ ደሪኹ። እዚ ኣቑሑት እዚ ንኮምፕዩተራትን፣ ሓተምትን፣ መኻይንን ዝምልከት እዩ። ብተወሳኺ ናይተን ዘይተመዝገባ እምነታት ንብረት እውን ወሲዱ ዝብል ጸብጻብውን ኣሎ።

## ሸ፤ ምትእትታው ኣብ ብሕታዊ ናብራን፣ ስድራ ቤትን፣ መንበሪ ገዛን፣ ርክብን

ሕጊን ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ ቅዋም ኤርትራ መሰል ብሕትና ክድፈር ኣይፈቅድን። መንግስቲ ግን ነዚ መሰል ብሕትና ይግህስ።

ካብ ኣስገዳድ ሃገራዊን ወታሃደራዊን ኣገልግሎትን ዝሃደሙ ዉልቀሰባትን ወለዲ ናይዞም ዝሃደሙን ንምሓዝ፣ መንግስቲ ወተሃደራትን ፖሊስን ኣዋፊሩ። ነዚኦም ንምርካብ ኣብ መንገዲ ጠጠው እናበልካ ፍተሻ ብምክያድ ኣብ ጽርግያ ብምግፋፍ፣ ኣብ ነፍስ ወከፍ ገዛ እናኸድካ ምፍታሽን ብዝኣመሰሉ ኣገባባት ኣብ ግብሪ ኣውዒልዎ። ኣባላት ጸጥታ ካብ ኣገልግሎት ናይ ዝሃደሙ ወይ ከኣ ንወጻኢ ናይ ዝኸዱ ሰባት ወለዲ ምእሳር ዝዓለመ ስራሕ ይቕጽሉ ኣለዉ። ወለዲ ነቲ ዝሃደመ ውሉዶም ክመልስዎ ወይ ከኣ ብገንዘብ $3,300 (50,000 ናቕፋ) መቕጻዕቲ ንኽኸፍሉ ገዲዱ። ነዚ መቕጻዕቲ ክኸፍሉ ዝተገደዱ ስድራ ቤታት ብብግዜኡ ኽኸፍሉ ወይ ውን ብንብረት ክሽፍንዎ ይኽእሉ። ብተወሳኺ ኣብዚ ዓመት እዚ፣ መንግስቲ ሰበ ሓዳር ናይቶም ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝሃደሙ ወይ ከኣ ናብ ወጻኢ ዝኸዱ ሰባት ኣሲሩን፣ ንወጻኢ ንኸይከዱ ከልኪሉ ይርከብ።

ኣባላት ጸጥታ ኣተኩሮኦም ኣብ እኩባት ኣባላት ናይ ዘይተመዝገቡ እምነታት ይቕጽል እንተኾነ ከም ናይ ዝሓለፈ ዓመት ናይ ወጻእተኛታት ገዛውቲ ፈተሻ ኣካይዶም ዝብል ጸብጻብ የልቦን።

መንግስቲ ብዘይ ናይ ቤት ፍርዲ ፍቓድ፣ ኢመይልን፣ ብስልኪ ዝግበር ርክባት ጠሊፉ። ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኮይኖም ንህዝቢ ዝሰልዩ፣ ብዙሓት ናይ ጸጥታ ልኡኻት ተዘርጊሖም ኣለዉ ዝብል እምነት ኣሎ።

ብሕታዊ ገዛውትን፣ ንግዳዊ ትካላት ናይ ውልቃውያን ዜጋታትን፣ ሃይማኖታዊ ውድባትን፣ ብላዕለዎት ሓለፍቲ ሰራዊትን መንግስትን ተወሲዶም ዝብል ጸብጻባት ኣሎ። ድሕሪ ምውሳድ ነቲ ገዛውቲ፣ ናይ ላዕለዎት ሓለፍቲ መንበሪ ኣባይቲ ጌሮሞ፣ ወይ ከኣ ንመንግስታውን ወተሃደራውን ስራሕ ኣውዒሎሞን፣ ከምኡውን ዋንነት ንብረት ናብ ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስትን ወተሃደራትን ኣመሓላሊፎሞ ይበሃል።

ኣብ ምጽዋዕ ንህላወ ፕረዚደንት የስግእ ብዝብል ምኽንያት፣ ብ2006 ንነበርቲ ካብ ገዛውቶም ኣልቒቖም ናብ ካልእ ከምዝሰፍሩ ጌሮም ዝብሉ ጸብጻባት ኔሮም። ኣብዚ ግዜ እዚ ኣባይቲ ናይ ውልቀ ሰባትን ናይ ንግዲ ትካላት ብዘይ እኹል ካሕሳ ብትእዛዝ መንግስቲ ፈሪሶም።

ኣብዚ ዓመት እዚ መንግስቲ ወለዲ ኣብ መዓስከር ሳዋ ንዘለዉ ደቆም ምብጻሕ ከልኪሉ። ሳዋ ኣብ ጽምዋ ዝርከብ ናይ 12 ክፍሊ ዝመሃሩሉ ብመንግስቲ ዝካየድ መዓስከር እዩ።

ኣብ ሃገር ናይ ዘሎ ሓደ ሰልፊ ኣባልነት (ህ.ግ.ደ.ፍ.) ግድነታዊ ኣይኮነን ይብሃል። ብግብሪ ግን ኣብ መንግስቲ ንዝሰርሑን ካብ ኣገልግሎትን፣ ናብ ናይ መንግስቲ ትካላት ዝተመደቡ ዜጋታት ብሓይሊ ኣብ ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣባላት ንክኾኑ ጸቕጢ ኣሎ ይበሃል። ተራ ዜጋታት ናይ ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣኼባ ንኽሳተፉ ይግደዱ። ናይ መግቢ መውሃቢ ወረቐት ክትክልኡ ኢኹም ብዝብል መፈራርሒ ተጠቒሙ ንተሳተፍነቶም የረጋግጽ። መንግስቲ ቅድሚ ነጻነት ንኢትዮጵያ ዝድግፉን ወይ ናይ ሓንቲ ሰልፊ ኣባላት ኔርኩም ንዝብሎም ዜጋታት ጨቐኑ ዝብሉ ጸብጻባት ኣለዉ።

## ክፍሊ 2፤ ሲቪላዊ ነጻነት ምኽባርን ከምኡውን ካልኦት ጉዳያትን

### ሀ፤ ናይ ሓሳብካ ምግላጽ መሰልን ናይ ፕረስ ነጻነትን

ሕጊን ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ ቅዋም ኤርትራ ናይ ምዝራብን፣ ሓሳብካ ናይ ምግላጽን፣ ናይ ፕረስን ነጻነትን መሰል ይዕቅብ። ኣብ ግብሪ ግን መንግስቲ ነዘን መሰላት እዚኣተን ኣጊዱወን ይርከብ። ዜጋታት ኣብ ብሕቲ ይኹን ኣብ ግሁድ፣ ንመንግስቶም ናይ ምንቃፍ መሰል የብሎምን። ዝነቀፉ ወይ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ወይ ተኣሲሮም። ስለዚ ብሓፈሻኡ ነቐፌታ ንኸይርከብ፣ መንግስቲ ንብሕታዊ ፕረስ ኣጊዱ። ዝበዝሑ ነጻ ጋዜጠኛታት ድማ ወይ ናብ ወጻኢ ሃዲሞም ወይ ከኣ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ይርከቡ ኣለዉ። ነቶም ዝተረፉ ጋዜጠኛታት፣ መንግስቲ እናኣፈራርሐ ነብሰ እገዳ ንኽገብሩ ኣገዲዱ።

ናይ ብዙሓን መራኸቢታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር መንግስቲ ይርከብ። እዚኣተን ሰለስተ ጋዜጣታት፣ ክልተ መጽሄታት፣ ሓንቲ ናይ ረድዮ ትካልን ሓንቲ ናይ ተለቭዥን ነቑጣን እየን። ውልቃዊ ዋንነት ናይ ብሮድካስት

(መራኸቢ ብረድዮን ተቪን) ብሕጊ ኣየፍቅድን እዩ። ውልቀሰባት ሳተላይትን ካብ ኣህጉራዊ ማዕከናት መራኸቢ ንኽገዝኡ ይፍቀደሎም እዩ። ናይ ሃይማኖታውያን ኣህጉራዊ ትካላት ብጽሑፍ ዝወጽእ ሕታማት ብናይ መንግስቲ ሳንሱር ክሓልፍን ቅድሚ ምዝርግሑ ትሕዝትኡ ከፍቅድ ኣለዎ። ሃይማኖታውያን መራኸብታት ኣህጉራውያን ውድባት ብዛዕባ ፖለቲካን መንግስታዊ ፖሊሲታት ንኸይዛረቡ ዝጸንሐ እገዳ ይቕጽል ኣሎ። ናይ ፕረስ ሕጊ ካብ ዝተኸልከለ መጽሄታት ወሲድካ እንደገና ምሕታም ይኽልክል እዩ። ኣብቲ ሃገር ዘለው ናይ ዲፕሎማስያውያን ሚሽናት ዝወጽእዎ ጽሑፋት ብዘይ ፍቓድ ኣብ ናይ መንግስቲ ማዕከናት ክዝርጋሕ ኣይክእልን እዩ።

መንግስቲ ክልተ ናይ ወጻኢ ናይ ዜና ማዕከናይ ዝውክሉ ጋዜጠኛታት ኣብቲ ሃገር ክሰርሑ ፈቒዱ። እንተኾነ ግን ነቲ ዝረኽብዎ ዜናታት ናብ ማዕከናቶም ንኽሰዱ ጸጸኒሑ ይኽልክል። ሓደ ሳልሳይ ጋዜጠኛ ዜና ከመሐላልፍ ተኸልኪሉ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ነቲ ሓበሬታ ክረክብ ዘኽኣልዎ ናይ ዜና ምንጪታት ኣስማት ንመንግስቲ ክህብ ተሓቲቱ ምስኣበየ፣ ካብ ሃገር ተሰጒጉ። እቲ ንኣርባዕተ ዓመታት ዝኣክል ተኣሲሩ ዘሎ ሸወደናዊ ዜጋ ጋዜጠኛ፣ ንሕክምና ብወርሒ ሕዳር 2005 ወጺኡ ኔሩ። ድሕሪ ቁሩብ መዓልቲ ግን ናብ ማእሰርቲ ተመሊሱ። ኣብዛ ዓመት መወዳእታ ጌና ብዘይ ክሲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ይርከብ።

ኣብዚ ዓመት እዚ ኣባላት ጸጥታ ብዙሓት ጋዜጠኛታት ኣሲሮም። ንኣብነት ኣብ ናይ ዓመት መፈለምታ ዝተኣሰረ ጋዜጠኛ ኢዮብ ከሰተ፣ ብዘይ ሕጋዊ መስርሕ ካብ ሃገር ክወጽእ ስለዝተታሕዘ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዩ። ጳውሎስ ኪዳነ ዝተባህለ ናይ ኤሪ ቲቪን ረድዮ ድምጺ ሓፋሽ ጋዜጠኛ ብወርሒ ሰነ ናብ ዶብ ሱዳን ኣቢሉ ከምልጥ እንከሎ ሞይቱ።

ገለ 15 ዝኾኑ ብ2001 ዝተኣሰሩ ደቂ ሃገር ጋዜጠኛታት ኣብ መወዳእታ ናይዚ ዓመት እዚ ጌና ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ይርከቡ ኣለዉ።ብወርሒ የካቲት ዝተረኸበ ጸብጻብ ከምዘረድኦ፣ ካብ 2001 ጀሚሩ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝኣተወ ጋዜጠኛ ነበር ፍስሃየ “ጆሸዋ” ዮውሃንስ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሞይቱ ይብል። ፍስሃየ ኣብ ቀይዲ ዝኣተወሉ ምኽንያት፣ ንፕረዚደንት ዝነቅፍ ቅሉዕ ደብዳበ ኣብቲ ንሱ ዘዳልዋ ዝነበረት መጽሄት ስለዘውጸአ እዩ።

ዶብ ኣልቦ ናይ ጋዜጠኛታት ማሕበር ከም ዝሓበሮ፣ ኣብዚ ናይ ዓመት መወዳእታ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝርከቡ እዞም ዝስዕቡ እዮም። ናይ ኤሪ ቲቪ ኣሕመድ “ባህጃ” ኢድሪስ፣ ጆኒ ሂሳቡ፣ ሰናይት ተስፋይ፣ ፋቲሓ ካለድን፣ ኣሚር ኢብራሂምን ይርከብዎም። ናይ ድምጺ ሓፋሽ ሰራሕተኛታት ዳኔኤል ሙሴን ተመስገን ኣባይን፣ ብተወሳኺ ናይ ኤርትራ ማዕከን ዜና የማነ ሃይለን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣለዉ። ብዘይካ ሂሳቡ፣ ኩሎም ኣብ ባረንቱ ናይ ቀይዲ ማእከል ክእሰሩ እንከለዉ፣ ሂሳቡ ግን ኣብ “ኣጂፕ” ዝስመ ናይ ኣስመራ ናይ ፖሊስ ማእከል ይርከብ ዝብሉ ጸብጻባት ኣለዉ።

ገለ ካብቶም ትሽዓተ ብወርሒ ታሕሳስ 2006 ዝተኣሰሩ ናይ ሚኒስትሪ ዜና ጋዜጠኛታት ተፈቲሖም፣ ዝተረፉ ግን ጌና ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ይርከቡ።

ከም ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዘይኮነ፣ መንግስቲ ንናይ ወጻኢ ጋዜጠኛታት መውጽኢ ቪዛ ከሊኡ ዝብሉ ጸብጻባት የለውን። እንተኾነ ግን ካብ ምውጻእ ዘደናጎይዎም ናይ ወጻኢ ዜጋታት ኣለዉ።

## ናይ ኢንተርነት ነጻነት

ወግዓዊ ናይ መንግስቲ እገዳ ኣንጻር ኣገለግሎት ኢንተርነት እኳ እንተዘይልቦ፣ ኩሉ ናይ ኢንተርነት ኣገልግሎት ዝጥቀም ትካል፣መንግስቲ ብዝቋጻጸሮ መርበብ ጥራሕ እዩ ክጥቀም ዝፍቀደሉ። መንግስቲ ዕብይ ዝበለ ክፋል ናይተን ሰለስተ ናይ ኢንተርነት ኣገልግሎት ወሃብቲ ይውንን እዩ። ኣብ ከተማታት ኢንተርነት ቁሩብ መሳለጢ ከፊልካ ኣብ እንዳ ሻህን፣ ቡንን (“ካፈ”)፣ ወይ ብናይ ውልቀሰብ ናይ ገዛ ኣገልግሎት ክርከብ ይከኣል እዩ። መንግስቲ ብኢንተርነት ዝካየድ ርክባት ጠሊፉ ይዕዘብ ዝብሉ ጸብጻባት ኣለዉ።

ብዛዕባ እቲ ኣብ ወርሒ መስከረም 2006፣ ብመንግስቲ ብዘይ ተፈልጠ ምኽንያት ዝተዓጸወ ናይ ኢንተርነት ኣገልግሎት ትካል ሓበሬታ የልቦን።

## ናይ ምፍላጥ (ኣካዳሚያዊ) ነጻነትን ባህላዊ ጉዳያትን

መንግስቲ ናይ ምፍላጥ ነጻነት ዓጊቱ ይርከብ። ማለት ናይ ሓሳባት ምግላጽ ነጻነት፣ ናይ ተመሃሮ ናይ ምንቅስቓስ መሰልን፣ ከምኡውን ናይ ምእካብ ኣብ ኣካዳምያዊ ትሕዝቶ ደሪቱ ይርከብ። ብ2002 ዝወጸ ናይ መንግስቲ ትእዛዝ ንኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ዝኸፋፍል ትእዛዝ፣ ውጺኢቱ ናይቲ ዩኒቨርሲቲ ታሕተዋይ ጸፍሒ መጽናዕቲ (undergraduate) ምዕጻው እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ ትምህርቶም ክቕጽሉ ዝደልዩ ተመሃሮ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ንኽመሃሩ ተኣጊዶምን ኣብ ክንድኡ ኣብ ማይ ነፍሒ ዝርከብ ናይ መንግስቲ ቴክኒካዊ ቤት ትምህርቲ ንኽኣትው ተገዲዶም። ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝርከቡ ተመሃሮ ዝቕጽል ዓይነት ትምህርቲ ባዕሎም ንኸይመርጹ ተኸልኪሎም። እንታይ ድኣ ኣብቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ መሰጋገሪ ፈተና ዝረኸብዎ ነጥቢ መሰረት ብምግባር፣ ናብ ቅደም ተከተል ዘለዎ ተክኒካውን ስሩዕን ዝኾነ ተግባረ ኢድ (ቮከሽናል) ፕሮግራም ከምዝመዝገቡ ተጌሩ። ነዚ ፈተና ዝወሰዱ ተመሃሮ ኣብ መዓስከር ሳዋ ወተሃድራዊ ኣገልግሎት ዝወድኡ ወይ ከኣ ብምኽንያት ናይ ጥዕና ጉድለት መረጋገጺ ወረቐት ዘለዎም ጥራሕ እዮም። ውሑድ ናይ ላዕለዋይ ደረጃ (ግራጅወት) ትምህርቲ ኣብቲ ዩኒቨርሲቲ ኣሎ። ሓደሽቲ ተመሃሮ ንኽምዝግብ ዘይተፈቕደሉ ናይ ሕጊ ክፍሊ ትምህርቲ ተዓጽዩ ይርከብ።

ንገለ ኣብ ወጻኢ ከይዶም ትምህርቶም ክቕጽሉ ዝደለዩ ተመሃሮ፣ መንግስቲ ናይ መውጽኢ ፍቓድ (ቪዛ) ምሃብ ኣብዩ። ናብ ወጻኢ ንዝለዓለ ትምህርቲ ወይካኣ ንምብጻሕ ክኸዱ ዝደለዩ ኣካዳምያውያን፣ ካብ ናይቲ ዩኒቨርሲቲ ፕረዚደንት ከምኡውን ናይ መንግስቲ ፍቓድ ኣቐዲሞም ክረኽቡ ኣለዎም።

ኣብ ሲነማታት ዝርአ ፊልም መንግስቲ ይዕዘቦን ይቋጻጸሮን። ኣህጉራዊ ናይ ፊልም ፈስቲቫል'ውን መንግስቲ ብቐረባ ይከታተሎን ፊልምታት ንኽዝርግሑ ፍቓድ ክህብ ኣለዎ።

## ለ፤ ብሰላም ናይ ምእካብን ማሕበራት ናይ ምቛም መሰላትን

ሕጊን ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ ቅዋም ኤርትራ ነጻነት ናይ ምእካብን ምውዳብን መሰል ይዕቅብ። መንግስቲ ግን ነዚ መሰል እዚ ከፍቅድ ኣይተራእየን። ካብ ሰለስተ ንላዕሊ ሰባት ንኽእከቡ እንተድኣ ደልዮም፣ ፈቓድ ካብ መንግስቲ ከምጽኡ ይግደዱ። ናይዚ ፈቓድ እዚ ምህላውን ዘይምህላውን ምክትታል ግን ሓሓሊፍካ ጥራሕ እዩ ዝካየድ።

ኣብዚ ዓመት መወዳእታ ብዛዕባ እቶም ብግንቦት 30፡ 2006፣ ኣርብዓ ዝኾኑ ደቀነስትዮን ሸማግለታትን ናብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ድሕሪ ምእካቦም፣ ብኣባላት ጸጥታ ዝተኣሰሩ ሰባት ጉዳይ ሓበሬታ የልቦን። ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣልጊሶም ንወጻኢ ሃዲሞም ንዝተባህሉ ደቆም ምስጠፍኡ፣ መንግስቲ ንኣቦታቶም ስለዝኣሰረ፣ ድሃዮም ክሓቱ እዮም ቀሪቦም ኔሮም።

ብዘይካ ህ.ግ.ደ.ፍ. ካልእ ፖሊቲካዊ ሰልፊ ኣይፍቀድን።

## ሐ፤ ናይ እምነት ነጻነት

ሕጊን ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ ቅዋም ኤርትራ ናይ እምነት ሓርነት የፍቅድ እዩ። መንግስቲ ግን ኣብ ግብሪ ነዚ መሰርሕ እዚ ይእግድ። ኣብዚ ዓመት እዚ ክእከቡ ዝተፈቕደሎም ኣባላት ኣርባዕተ እምነታት ጥራሕ እዮም። እዚኣቶም፤ ኦርቶዶክስ፣ ናይ ምስልምና ኣመንቲን፣ ካቶሊክን፣ ናይ ወንጌላዊት (ኣብ ትሕቲ ጽላል ናይ ሉተራን ዓለማዊ ፌደረሽን ዝሓቁፍ ናይ ፕሮተስታንት ኣብያተ ክርስትያናት ዝርከብ) እዮም። ኣባላት ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ናይ ዘይተመዝገቡ እምነታት ኣባላት ዘከይድዎ ክሳብ ሞት ብዘብጽሕ ኣገባብ ምስንባድን፣ ምስቓይን፣ ምእሳርን፣ ምግፋዕን ይቕጽልዎ ኣለዉ።

ኣባላት ጸጥታ ኣብዚ ዓመት እዚ ብሰንኪ እምነቶም ንዝተኣሰሩ ሰባት ብዝተፈላለየ ናይ መቕጻዕቲ ኣገባባት ጌሮም ከሳቕይዎም ይርከቡ። ኣእዳውን ኣእጋርን ቐዚፍካ ምእሳር፣ ኣብ ብርቱዕ ጸሓይ ምስጣሕን፣ ማህረምትን ዝኣመሰሉ ኣገባባት ተጠቒሞም። ከምኡ እውን ብዙሓት እሱራት ክፍትሑ ምእንቲ እምነቶም ከም ዝኸሓዱ ዘረጋግጽ ወረቐት ክፍርሙ ከምዝተገደዱ ተሓቢሩ። እቶም ነዚ ዓይነት ወረቐት ምፍራም ዝኣበዩ፣ ኣዝማዶም ኣብ ክንድኦም ክፍርሙ ከምዝተሓተቱ ይንገር። ብ2006 ክልተ ሰባት ኣብ ናይ ብሕቲ ገዛ፣ ቅዳሴ ኣካይድኩም ተባሂሎም ድሕሪ ምእሳሮም፣ ብዝወረዶም ጉድኣትን ናይ ማይ ጽምእን፣ ካብ ዓዲ ኺላ ውጽእ ኢሉ ኣብ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከር ሞይቶም።

ኣብ ወርሒ የካቲት፣ ንሓደ ወዲ ተባዕታይ ኣብ ዓሰብ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከር ሓለፍቲ መንግስቲ ኣሳቒዮም፣ ኣብ ሞት ከምዝበጽሕ ጌሮሞ ዝብል ዘይተረጋገጸ ጸብጻብ ኣሎ። እዚ ሰብ እዚ ኣብ ሓደ ናይ ዝተኸልከለ ናይ ወንጌላዊት ቤተ ክርስትያን ጸሊኻ ብዝብል ምኽንያት እዩ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝኣተወ። ኣብ ወርሒ መስከረም ኣብ ሳዋ ወተሃደራዊ መዓስከር ካብ 18 ወርሒ ንላዕሊ ዝተኣሰረት ጓል ኣንስተይቲ፣ ሓለፍቲ መንግስቲ ብዘውረዱላ ስቅያት ኣብ ሞት በጺሓ ዝብል ጸብጻብ ኣሎ። ናይዚ ስቅያት እዚ ጠንቂ እሰርቲ እምነታ ዝኽሕድ ወረቐት ምፍራም ስለ ዝኣበየት እያ።

ኣብዚ ዓመት እዚ ብዙሓት ኣባላት ዘይምዝጉባት እምነታት (ዝበዝሑ ወንጌላውያን) ከምዝተበሳበሱን፣ ከምዝተኣሰሩን፣ ከምዝተሳቐዩን ተሓቢሩ እዚኣቶም ሃገራዊ ኣገልግሎት ስለዘይፈጸሙ እዮም ኣብ ወተሃደራዊ ኣብያተ ማእሰርቲ ዝርከቡ። ኣብቶም እሱራት ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮን ካህናትን ይርከብዎም። ብርክት ዝበሉ ንእምነቶም ዝኸሓዱ ተፈንዮም ። ኣይንኽሕድን ዝበሉ ብርክት ዝበሉ ሰባት ግን ጌና ኣብ መላእ ሃገር ዝርከቡ ሲቪላውን ወተሃደራውን ኣብያተ ማእሰርቲ ተዳጉኖም ኣለው። ገሊኦም ንሓጺር እዋን ክእሰሩ ከለው፣ ገለ 2,000 ዝኾኑ ግን ክሳብ ናይዚ ዓመት መወዳእታ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝርከቡ ናይ ዘይመንግስታዊ ትካል ኮምፓስ ዲረክት ሓቢሩ።

ኣብ ወርሒ ግንቦት ሓለፍቲ መንግስቲ ካብ 80 ንላዕሊ ዝኾኑ ኣባላት ዘይተመዝገባ እምነት ቤተ ክርስትያን ድሕሪ ምእሳሮም፣ ኣብ ወርሒ ሰነ ንኹሎም ፈቲሖሞም።

ኣብ ወርሒ ሕዳር 2006 ንካህናትን ኣቕሽሽትን ካብ ሃገራዊ ኣግልግሎት ነጻ ዝገብሮም ዝነበረ ሕጊ ዘፍርስ ኣዋጅ ድሕሪ ምውጽኡ፣ መንግስቲ ንኣርባዕቲአን እምነታት ውድባት፣ ኣስማት ናይቶም ንወተሃደራዊ ኣገልግሎት ዝበጽሑ ኣስማት ናይ ኣቕሽሽትን ካህናትን ካልኦት ናይ ሃይማኖት ሰራሕተኛታት ከረክቡ ሓቲቱ። እቶም ሰለስተ ሕራይ ክብሉ ከለው፣ ናይ ካቶሊክ ቤተ ክርስትያን ነቶም ዝተባህሉ ሰባት መተካእታ ናይ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ክድለየሎምን ናይ ሃይማኖት ሰራሕተኛታት ዝሳተፍዎ ወተሃድራዊ ኣገልግሎት ጊዜ ደረት ክግበረሉ ሓቲቱ።

ብድሕር እዚ ኣብ ወርሒ ነሓሰ፣ መንግስቲ ናይ ካቶሊክ ቤተ ክርስትያን ብ1995 ብዝወጸ ኣዋጅ ክድረት ጠሊቡ። እዚ ናይ ሃይማኖታውያን ውድባት ስራሓት ብኽቱር ዝድርት ኣዋጅ እዩ። ብሕዳር 2006 መንግስቲ ን12 ዝኾኑ ናይ ወጻኢ ካቶሊካውያን ካህናትን ደናግልን ናይ መንበሪ ፍቓድ ምሕዳስ ብምእባይ ካብ ሃገር ንኽወጹ ኣዚዙ። እዚ ጉዳይ ናይ ኢሚግረሽን ጉዳይ ድኣምበር ምስ ናይ ሃይማኖትን ናይ ካቶሊክ ቤተ ክርስትያን ነጻነት ዝዛመድ ከምዘይኮነ ሓደ ናይ መንግስቲ ሓላፊ ገሊጹ። ብተወሳኺ ናይ ካቶሊክ ቤተ ክርስትያን ንብረት ብመንግስቲ ተወሲዱ ዝብሉ ጸብጻባት ኣለው።

ኣብዚ እዋን እዚ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያን ኣብ ትሕቲ ፍጹም ቁጽጽር መንግስቲ ይርከብ። ብጥሪ 2006 ቅዱስ ሲኖድ፣ ናይ ኦርቶዶክሳዊ ቤተ ክርስትያን ብጸቕጢ መንግስቲ፣ ንፓትርያርክ ኣቡነ ኣንጠንዮስ ውግዘት ከምዝፈጸሙን ናይ ቤተ ክርስትያን መሰረታዊ እምነት ኣይተኸተሉን ብዝብል ምኽንያት ኣውሪደሞም። ሽዑ  እቲ ሲኖድ ሓድሽ ፓትርያርክ ዲዮስኮሮስ መሪጹ። እቶም ካብ ስልጣኖም ዝወረዱ ፓትርያርክ ኣብ ማሕዩር (ካብ ገዝኦም ከይወጹ ተኣጊሮም) ይርከቡ። ኣቡነ ኣንጠንዮስ ክሳብ ናይዚ ዓመት መወዳእታ ናይ ዲዮስኮሮስ ኣመራርጻን ኩነታት ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያትን ክብድህዎ ይርከቡ። መንግስቲ ብነሓሰ 2005 ዝመረጸቶ ኣመሓዳሪ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያን ተራ ሰብ ኮይኑ ከም ሓለቓ ቤተ ክርስትያን የገልግል ኣሎ። እዚ ሰብ እዚ ኣባል ክህነት ኣይኮነ ወይ ድማ ከምቲ ሕጊ ቤተ ክርስትያን ዝጠልቦ ብፓትርያርክ ዝተመዘዘ ኣይኮነን።

ካብ ወርሒ ታሕሳስ 2006 ጀሚሩ መንግስቲ፣ ብኣመንቲ ኦርቶዶክሳዊ ቤተ ክርስያትን በብስሙኑ ዝዋጻእ ሞባእ ምውሳድ ጀሚሩ።እቲ በመንግስቲ ተመዚዙ ዝሰርሕ ኣማሓዳሪ፣ መንግስቲ ነዚ ሞባእ ንናይ ካህናት ክፍሊትን ንድኻታት መሐገዚ ኣውዒልዎ ዝብል መግለጺ ሂቡ።

መንግስቲ ንኣባላት ኦርቶዶክሳዊ ቤተ ክርስትያን መድሃኔ ኣለም ብቐጻሊ ክሃድኖምን፣ ክኣስሮምን፣ ክከታተሎምን፣ ከፈራርሖምን ይርከብ ኣሎ። ንመድሃኔ ኣለም ቤተ ክርስትያን ዝመርሑ ዝነበሩ ሰለስተ ካህናት፣ ብጥቅምቲ 2004 ድሕሪ ምእሳሮም ክሳብ ሎሚ ብዘይ ክሲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ይርከቡ ኣለዉ።

ኣብ ወርሒ መስከረም 2006 ንብረት ቃለ ህይወት ቤተ ክርስያትን ኣብ ኢድ መንግስቲ ከረክብ ተኣዚዙ ዝብል ጸብጻብ ኣሎ።

ሰረተን ኣብ ሃይማኖት ዝኾና ናይ እምነት ውድባት ትካላት (ኤን.ጂ.ኦ.)፣ ኣብ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ንኸይሳተፋ መንግስቲ ኸልኪሉ። ከምኡውን ቤት ጽሕፈት ሃይማኖታዊ ጉዳያት ነዚ ትእዛዝ እዚ ንኸተግበር ምክትታል ይገበር።

እቶም ብቑጽሪ ውሑዳት ዝኾኑ ናይ ዮሆዋ መሰኻኽር (Jehovah's Witnesses) ተኸተልቲ ብመሰረት እምነቶም ኣብ ረፈረንደም ኣይተሳተፉን። ብተወሳኺ ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ምስታፍ ዝኣበዩ ገለ ሰባት ዝርከብዋ እዚኣ ናይ ዮሆዋ መሰኻኽር እምነት፣ መንግስቲ ንተኸተልታ ካብ ምህዳንን ምእሳርን ኣየዕረፈን። መንግስቲ ንዝኾነ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝኣብዩ ኣባላት የሳቒ እዩ። ንኣብነት ካብ ኣመንቲ ምስልምና ንዝኣበዩ ሰባት ዝምልከት ጉዳይ ኣሎ። ንኣባላት ዮሆዋ መሰኻኽር ግን፣ ብፍላይ ዝያዳ ኣቓልቦ ብምሃብ የሳቕዮም። ቅድሚ ሎሚ መንግስቲ ንኣባላት ዮሆዋ መሰኻኽር ካብ መንግስታዊ ስርሓት ሰጒጒዎም ኔሩ። ብዙሓት ካብኣታቶም ካብ ናይ መንግስቲ ገዛውቲ ተሰጒጒምን ካብ ምክራይ እውን ተኸልኪሎም ኔሮም። ብተወሳኺ ፓስፖርትን መውጽኢ ቪዛ ተኸሊኦም ጥራሕ ዘይኮነ፣ ነቲ ብሕጊ ዝረኸብዎ ናይ መንነት ወረቐትውን ተሓዲጎም፣ ሓድሽ ከየውጽኡ ተኸሊኦም።

ናይ ዮሆዋ መሰኻኽር ቤት ጽሕፈት ሕጋዊ ቤት ምኽሪ ከምዝሕብሮ፣ 22 ኣመንቲ ዮሆዋ ብዘይ ክሲ ኣብ ማእሰርቲ ይርከቡ። ብሕጊ ሃገራዊ ኣግልግሎት ንዝኣበየ መቕጻዕቱ 3 ዓመት ክኸውን እንከሎ ሰለስተ ካብዚኦም ናይ ዮሆዋ መሰኻኽር ግን፣ ልዕሊ 11 ዓመት ተኣሲሮም ይርከቡ ኣለዉ። ሃገራዊ ኣገልግሎት ምፍጻም ዝኣበዩ 15 ኣባላት ዮሆዋ መሰኻኽር ግን ኣብ ሳዋ ወተሃደራዊ መዓስከር፣ 7 ድማ ኣብ ካልኦት ኣብያተ ማእሰርቲ ይርከቡ ኣለዉ።

## ማሕበራዊ ግፍዕን ኣድልዎን

ኣባላት ብወግዒ ዘይተፈልጡ እምነታት ብኣሉታ ይርኣዩን ኣድልዎ ኣንጻሮም ይግበር። ገለ ዜጋታት ነዚ ዓይነት ተግባር ይድግፉ። ብፍላይ ኣንጻር ዮሆዋ መሰኻኽርን ጸንጠቐስጠን ጉጅለታት ዝግበር ጽኑዕ ኣገባብ ኣተሓሕዛ መንግስቲ ይድግፍዎ እዮም።

ብቑጽሪ ኣዝዩ ውሑድ ዝኾነ ናይ ኣይሁድ ህዝቢ ኣብቲ ሃገር ኣሎ። ኣንጻርዚ ግን ዝተራእየ ጸረ-ኣይሁዳዊ ንጥፈታት የልቦን።

ብዝያዳ ነቲ ብ2007 ዝወጸ ኣህጉራዊ ጸብጻብ ብዛዕባ ናይ እምነት ነጻነት ተመልከት።

### መ፤ ኣብ ውሽጢ ሃገር ናይ ምንቅስቓስ ሓርነትን፣ብኹናት ናይ ዝተመዛበሉ ዜጋታት ጉዳይን፣ ናይ ስደተኛታት ናይ ዑቕባ መሰላትን፣ ናይ ካብ ሃገሮም ገዲፎም ዝተሰዱ ሰባት ዝምልከት

ሕጊን ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ ቅዋም ኤርትራ ነዚን መሰላት እዚኣን ክዕቀብ እንከሎ፣መንግስቲ ግን ኣብ ሓደ ሓደ መሰላት ደረት ክገብር ይረአ። ዜጋታት ብሓፈሻኡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ከምድላዮም ይንቀሳቐሱን መንበሪ ገዛ ይቕይሩን ይኽእሉ እዮም። መንግስቲ ግን ኣብ ገሊኡ ቦታታት ብፍላይ ኣብ ዶብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ምንቅስቓስ ኣጊዱ። ሓይልታት ፖሊስ ካብ ኣገልግሎትን ውትህድርና ዘምለጡ ምእንቲ ክሕዙ፣ ኣብ ኣስመራን ካልኦት ከተማታት ዘራኽብ መንገድታት ጠጠው እናበሉ ይፍትሹ። ፖሊስ ነቶም ናይ መንቀሳቐስን ናይ መንነት ወረቐት ዘይብሎም ሰባት ኣብ መንገዲ ድሕሪ ምዕጋት ብሓይሊ ይኣስርዎም።

መንግስቲ ብ2005 ኩለን ናይ ሕቡራት መንግስታት (ሕ.መ.) ሄሊኮፐተራት ኣብ ምድሪ ክቑረና ኣዚዙ። እዚ ነቲ ናይ ሕ. መ. ዓቃብ ሰላም ልኡኽ ኣብ ኢትዮጵያን ኤርትራን (ዩኒሚ) ወተሃደራት ምብጻሕ ቀረብ፣ ግዜያዊ ናይ ጸጥታ ቦታ ናይ ምምዕዛብን፣ ናይ ዝሓመሙ ሰባት ናይ ምልዓል ዓቕሚ ደሪትዎ ይርከብ። በዚ እገዳ ምኽንያት ብሕዳር 1፡ 2006 ብልቢ ሕማም ዝሞተ ናይ ሕ. መ. ዓቃብ ሰላም ልኡኽ ኩነታቱ ዘጋደዶ ኣገዳሲ ሕክምና ስለዝደንጎየ እዩ ይበሃል።

ኣብ ወርሒ ሰነ 2006 ብመንግስቲ ዝወጸ ንወጻእተኛታት ዝምልከት ናይ ምጉዓዝ ኣገባብ ዝያዳ ይቕጽል ኣሎ። ዲፖሎማሲያውያን ናይ ረዲኤት ማሕበራትን ናይ ሕቡራት መንግስታት ሰራሕተኛታትን ቱሪስትን ካብ ኣስመራ ክወጹ እንተድላ ደልዮም፣ ኣቐዲሞም ካብ መንግስቲ ፍቓድ ክረኽቡ ኣለዎም። ሓይልታት ምክልኻል ነዚ ንምትግባር ኣብ በቦታኡ ኾይኖም መንገዲ ብምዕጋት ይከታተሉ። እቲ ናይ ፍቓድ ኣወሃህባ መስርሕ ብግህዶ ኣይግበርን። ኣብ ናይ ምንቅስቓስ ወረቐት ምውጻእ፣ ንገሊኦም ወጻእተኛታት ናብ ሓደ ቦታ ፍቓድ ክረኽቡ ከለዉ ንገሊኦም ግን ናብታ ቦታ እቲኣ ኽኸዱ ምኽኣኖም እናተፈልጠ ይኽልኡ። ብዙሕ ጊዜ መንግስቲ ናይ መገሺ ፍቓድ ንዝሓተቱ መልሲ ኣይህብን እዩ።

ካብ ዝሓለፈ ዓመት ፍልይ ዝበለ፣ ኣብታ ሃገር ተረፎም ዘለዉ ኢትዮጵያውያን ኣብቲ ምስ ኢትዮጵያ ዝዳውብ ኣውራጃ ደቡብ ንኽነብሩ ኣይፈቕደሎምን እዩ ዝበሃል ጸብጻብ የልቦን። ካብ ሃገር ንኽትወጽእ ዜጋ ኹን ወጻእተኛ ናይ መንግስቲ ፍቓድ የድልየካ። ናይ ወጻኢ ዜጋታት ካብቲ ሃገር ንኽወጽኡ ክሳብ 2 ኣዋርሕ ዝተጸበዩን ወይውን መጀመርታ ተነጺጎም ከብቕዑ ድሓር ናይ መውጽኢ ፍቓድ (ቪዛ)ዝረኸቡ ብዙሓት ሰባት ኣለዉ። ብቐጻሊ መውጽኢ ፍቓድ (ቪዛ) ዝኽልኡ ሰባት፣ ትሕቲ 54 ዝዕድሚኦም ናይ ኣገልግሎት ጉቡኦም ዘማልኡ ደቂ ተባዕትዮን፣ ካብ 18-47 ዝዕድሚአን ደቂ ኣንስትዮን፣ ኣባላት ናይ ዮሆዋ መሰኻኽርን ካልኦት ኣንጻር መንግስቲ ዝበሃሉን ወይከኣ መንግስቲ ዘይትደልዮም ሰባትን የጠቓልል። ኣብዚ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘማልአን ዘይማልአን ኩሉ ሓደ እዩ ዝኽላእ። ብ2006 መንግስቲ ብፍላይ ካብ 11 ንላዕሊ ንዝዕድሚኦም ቆልዑ ፍቓድ ክኸልእ ጀሚሩ። መንግስቲ ንቆልዑ፣ ገሊኦም ንኣሽቱ ደቂ 5 ዓመት ዝኾኑ ፍቓድ ከሊኡ ይርከብ። እቲ ምኽንያት ሃገራዊ ኣገልግሎት ንኸማልኡ ቐሪቦም ወይ ከኣ እቶም ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ወለዶም፣ ኩሉ ኣብ ወጻኢ ዝቕመጥ ዜጋ ክኸፍሎ ዘለዎ 2% ናይ እቶቶም ኣይከፈሉን ዝብሉን እዮም። ገለኦም $10,000 (150,000 ናቕፋ) ዝኸውን ዋሕስ ምስኣትሓዙ፣ መውጽኢ ፍቓድ ዝተዋህቦም ኣለዉ።

ብዛዕባ ናይ ወጻኢ ምልኣኽ ወይ ምስዳድ ዝምልከት ሕጊ የብሉን። ብሓፈሻ እቲ መንግስቲ ንዜጋታት ካብ ሃገር ናይ ምውጻእ ተግባር ኣይጥቀምን እዩ።

ብሓፈሻኡ ዜጋታት ናብ ሃገሮም ናይ ምምላስ መሰል ኣለዎም። እንተኾነ ግን መንግስታዊ ኣግልግሎት ንኽረኽቡ 2% ናይ እቶቶም ንመንግስቲ ከምዝኸፈሉ መረድኢ ክቕርቡ ኣለዎም። ሓደ ካብቲ ኣገልግሎታት ናይ መውጽኢ ፍቓድ (ቪዛ) እዩ። ኻልእ ሓደ ብሓደ ዝርኣዩ ናይ ምምላስ ሕቶታት ኣለዉ። እዚኣቶም ኣብ ወጻኢ እናነበሩ ገበን ዝፈጸሙ፣ ኣስጋኢ ብዝኾነ ተላጋቢ ሓማም ዝተጠቕዑ፣ ወይ ከኣ ኣብ ካልኦት ሃገራት ፖለቲካዊ ዑቕባ ሓቲቶም ዝተነጽጉን ጉዳዮም ብውልቂ ይረአ።

ኣብዚ ዓመት እዚ ምስ ኣህጉራዊ ቀይሕ መስቀል ብምትሕብባር 2,585 ኢትዮጵያውያን ካብ ኤርትራ፣ 112 ኤርትራውያን ድማ ካብ ኢትዮጵያ ናብ ሃገሮም ከምዝምለሱ ተጌሩ።

**ጉዳይ ናይ ኣብ ውሽጢ ዝተመዛበሉ ዜጋታት**

ምስ ኢትዮጵያ ብዝተፈጸመ ውግእን ኲናትን ካብ ዓድታቶም ዝተመዛበሉ ገለ 19,000 ዝኾኑ ዜጋታት ካልእ ናይ መንበሪ ቦታ ተዋሂብዎም ይርከቡ። ኣብ መውዳእታ ናይዚ ዓመት ገለ 6,625 ዝኾኑ ኣብ ዞባ ደቡብ ኣብ ዝርከብ ክልተ መዓስከራት ይነብሩ ኣለዉ። ገለ 1,250 ዝኾኑ ኣብ ደቡባዊ ኣውራጃ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከብ መዓስከር ይርከቡ። እቲ መነባብሮኦም መሰረታዊ ነገራት ጥራሕ ዘማልእ እኳ እንተኾነ ንመነባብሮስ ብቑዕ እዩ። ኣብዚ ዓመት እዚ ካብቲ መዓስከር ወጺኦም ዝነብሩ ዜጋታት ኣለዉ። ውድብ ሕቡራት መንግስታት (ሕ.መ.) ነዚኦም ዝተመዛበሉ ሓገዝ ክገብሩ መንግስቲ ፈቒዱ። ቀይሕ መስቀል ን54,000 ዜጋታት ሓገዝ ኣወፍዩ። እዚ ሓገዛት፣ ናይ ማይ፣ ዳግመ ምህናጽ፣ ናይ ጥዕና ስራሓትን ብዝኣመሰሉ ተተግቢሩ። ነቶም ተሪፎም ዘለዉ 12,000 ዝተመዛበሉ ዜጋታት ብምጥያስ ጽቡቕ ስጉምቲ ኣካይዱ።

**ንስደተኛታት ምዕቃብ**

ሕጊን ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ ቅዋም ኤርትራ ስደተኛ ናይ ምቕባልን ዑቕባ ናይ ምሕታት ኣገባብ ኣይጠቕስን። እዚ ኣብ ናይ 1951 ሕ.መ. ጉባኤ ብዛዕባ ስደትን ብ1967 ዝወጸ ኣሰራርሓ ኣገባብን እዩ መበቆሉ። መንግስቲ ድማ ንስደተኛ መከላኸሊ ዝኸውን መስርሕ ጌና ኣይሰረተን። ስለዚ መንግስቲ ሕጋዊ ዑቕባ ወይ ዑቕባዊ መንነት ክህብ ኣይክእልን እዩ። ኣብ ግብሪ ግን መንግስቲ ገለ ምክልኻልሲ ጌሩ፤ ማለት ነቶም ካብ ሃገሮም ብሰንኪ ፍርሕን ስክፍታን ዘምለጡ ስደኛታት ካብ ምምላስ ተኸላኺሉ። ስለዚ ገለ 135 ዝኾኑ ሰባት ካብ ሱዳን፣ 4,789 ካብ ሶማልን ከከም ምምጽኦም ተቐቢሉ ግዜያዊ ዑቕባ ሂቡዎም። መንግስቲ ብሕ.መ. ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ዝግበር ንካብ ኢትዮጵያ ዘይኮኑ ስደተኛታት ዝግበር ሓገዝ ይተሓባበር እዩ።

መንግስቲ ዓመታዊ ኤርትራውያን ዘይኮኑ ዘጋታት ናይ መንበሪ ፍቓድ መሳለጢ የኽፍል እዩ። ኣብዚ እዋን እዚ እቲ ዋጋ $34 (500 ናቕፋ) እዩ። እዚ ተግባር እቲ ስደተኛ ጽጉም ከምዘይኮነ ንምርኣይ ኢዩ። እዚ ወጻእተኛ ነዚ ዋጋ ክኸፍል እንተድኣ ዘይኪኢሉ፣ ናብ ኣህጉራዊ ቀይሕ መስቀል ንክኸይድ ይሕበር። ናብ ሃገሩ ምምላስ እንተድኣ ኣብዩ ግን፣ ን60 መዓልታት ይእሰር። ብድሕሪዚ እቲ መስርሕ ናይ ፍቓድ ምሕታት እንደገና ይጅመር።

**ክፍሊ 3፤**

**ክብረት ፖለቲካዊ መሰልን፡ ብዛዕባ ዜጋታት መንግስቶም ናይ ምቕያር ዘለዎም መሰልን**

ሕጊን ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ ቅዋም ኤርትራ ዜጋታት መንግስቶም ብሰላም ንኽቕይሩ ዘለዎም መሰል የኽብር። እንተኾነ ግን ዜጋታት ነዚ መሰሎም ንኽተግብሩ ኣይከኣሉን።

**ምርጫን ፖሊቲካዊ ተሳትፍነትን**

መንግስቲ ብ1993 ብዝተኻየደ ህቡብ ህዝባዊ ረፈረንደም እዩ ስልጣን ሒዙ። ኣብዚ እዋን እዚ ህዝቢ ንነጻነት ካብ ኢትዮጵያን፣ ብግዜያዊ መንግስቲ ንእትመሓደር ሃገር እዩ መሪጹ። እዚ "ግዜያዊ መንግስቲ" ዲሞክራሲያዊ መስርሕ ንኽትግበር ኣየፍቀደን። ብመሰረት ቅዋም ክካየድ ዝተመደበ ምርጫ ብዘይ መግለጺ ክልተ ሳብ ተቛሪጹ። ብጥሪ 1፡ 2003 ዝወጸ ወግዓዊ መግለጺ፣ "ኣብዚ እዋን እዚ ብድሌት ህዝቢ ፖሊቲካዊ ሰልፍታት ምቛምን፣ ብዛዕብኡ ዝካየድ ክትዓት ግዜኡ ስለዘይኮነ፣ ተመሓላሊፉ" ይብል። ሓለፍቲ

መንግስቲ ዶብ ኢትዮጵያን ኤርትራን ከይተሓንጸጸ፣ ቅዋም ሃገር ኣብ ግብሪ ክውዕል ኣይክእልን እዩ ይብሉ። ብዓይኒ ፖለቲካ ክርአ እንከሎ ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ብሓደ ሰልፊ መንግስቲ ትመሓደር ሃገር እያ። ስልጣን ድማ ኣብ ህ.ግ.ደ.ፍ.ን ትካላቱን እዩ ዝርከብ። ኣብዚ ሰልፊ ኣባልነት ንምግፋሕ፣ መንግስቲ ጸጸኒሑ ብሓይሊ ይጸቕጠሉ እዩ።

3 ደቀንስትዮ ዝርከብኦ 19 ዝኣባላቱ ናይ ህ.ግ.ደ.ፍ. ላዕለዋይ ኣካል ኣብቲ ሃገር ወሳኒ ስልጣን ዘለዎ እዩ። እተን ደቂ ኣንስትዮ ሚኒስተራት ናይ ፍትሕን፣ ቱሪዝምን፣ ዕዮን ማሕበራዊ ጉዳይን እየን። ካብቶም 75 ዝቑጽሮም ማእከላይ ኮሚቲ ህ.ግ.ደ.ፍ. 11 ደቀነስትዮ እየን። ደቀነስትዮ ኣብ ናይ ቅዋም ኮሚሽን ኣብ ዝተሳተፋሉ እዋን ፍርቂ ናይቲ 50 ዝቑጽሩ ኮሚቲ ኣባላት ነበራ። ደቀነስትዮ ኣብ ዝተፈላለየ መንግስታዊ ጽፍሕታት ከም ከንቲባን ናይ ኣውራጃ ኣመሓደርትን ዝኣመሰለ ላዕለዋይ ስልጣን ቦታታት ሒዘን ይርከባ።

ኣብቲ 19 ዝርከብዎ ላዕለዋይ ወሳኒ ኣካል ህ.ግ.ደ.ፍ.ን፡ 75 ዝኣባላቱ ማእከላይ ኮሚቲን፣ ኣብ ናይ ቅዋም ኮሚሽን ተሳታፍነት ናይ ንኡሳን ብሄራት ዝምልከት ሓበሬታ የልቦን። ገለ ላዕለዎት ሓልፍቲ ሰልፍን መንግስትን ካብ ትግረ ብሄረ እዮም።

## ናይ መንግስቲ ብልሽውናን ግሉጽነትን

ብ2006 ዝወጸ ናይ ዓለም ባንክ ናይ መንግስቲ ምሕደራ ጸብጻብ፣ ኣብቲ ሃገር ብልሽውና ጸገም ከምዝኾነ ይሕብር። ብስድራ ቤታዊ ርክባት ኣቢሉ ንእስ ዝበለ ብልሽውና ኣብ ፈጻሚ ኣካል ተራእዩ ዝብሉ ጸብጻባት ኣለዉ። ካልእ ዘይተረጋገጸ ጸብጻባት ብዛዕባ ብላዕለዎት ሓለፍቲ ወተሃደራት ዝካየድ ክብድ ዝበለ ዘይሕጋዊ ንግድን ናይ ገዛውቲ ምዝማትን ብልሽውና ኣሎ። ናይ መውጽኢ ፍቓድ ወይ ፓስፖርት ክረኽቡ ምእንቲ ጉቦ ዝኸፈሉ ኣለዉ ዝብል ተወሳኺ ጸብጻብ ኣሎ።

ኣብ ዝሓለፈ እዋን መንግስቲ ምዕቡላትን፣ እቶትን፣ መኽሰብን ዘለወን ብሕትዋት ናይ ንግዲ ትካላት ወሲዱ ናብ መንግስቲ ወይ ናብ ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣመሓላሊፉ እዩ።

ሕጊን ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ ቅዋም ዜጋታት፣ ካብ መንግስቲ ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል ይሕሉ። ብግብሪ ግን መንግስቲ ንዜጋታት ይኹን ንወጻእተኛታት ሓበሬታ ኣይሃበን።

## ክፍሊ 4፤
## ኣብ ልዕሊ ኣህጉራውን ዘይመንግስታውን ምርምር ብዛዕባ ተፈጺሞም ዝበሃሉ ናይ ሰብኣዊ መሰል ጠቐስ ገበናት ዘሎ መንግስታዊ ኣጠማምታ

መንግስቲ ንሓንቲ ኣብቲ ሃገር ዝመቦቀላ ዘይመንግስታዊት ትካል፡ ዜጋታት ንሰላም (ሲ.ፒ.ኢ.) ክትሰርሕ ፈቒዱላ። እዚኣ ዝበዝሕ ጊዜ ናይዚ ዓመት እዚ ብዘይ ስራሕ ኣሕሊፋቶ።

ከምኡ እውን መንግስቲ ንሓንቲ ኣህጉራዊት ትካል - ኣህጉራዊ ቀይሕ መስቀል - ኣብ ሃገር ክትሰርሕ ፈቒዱ። ናይዚ ትካል ስራሕ ግን ኣብዘን ዝስዕባ ጉዳያት እዩ ተኻይዱ። ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ምምላስ ስራሕ፣ ነቶም ብግምት 500 ዝኾኑ ብምኽንያት ምስ ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ኲናት ዝተመዛበሉ ሰባት ናይ ምጽላል ፕሮግራም ምክያድ፣ ኢትዮጵያውያን እሱራት ዘለውዎ ኣብያተ ማእሰርትን ምብጻሕን፣ ንዝተመዛበሉ ዜጋታት ኣብ ምሕጋዝ ዝኣመሰሉ ተደሪቱ ይርከብ።

ኩለን ዘይመንግስታዊ ትካላት ስራሓተን እንታይ ምዃኑ ብዘይገድስ ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ጉዳይን ክምዝገባ ኣለወን። ብ2005፣ ንዘይመንግስታውያን ማሕበራት ዝምልከት ዝወጸ ትእዛዝ፡ ከምኡውን ኣህጉራዊ ዘይመንግስታውያን ትካላት እንተድኣ ስራሓተን ክቕጽላ ደልየን ኣብ መንግስቲ ብሓደሽ ምምርሒ መሰረት ክምዝገባ ኣለወን ዝብል ትእዛዝ ወጺኡ። እዚ ትእዛዝ እዚ ኣህጉራዊ ዘይመንግስታውያን ትካላት

ኣብ ሓደ ናይ ሃገር ባንክ ክልተ ሚልዮን ዶላር ከቐምጣ ይሓትት። ብዙሓት ዘይመንግስታውያን ማሕበራትን ትካላትን ነዚ ብመንግስቲ ዝመጸ ኣገባብ መስርሕ መሰረት ፍቓድ ክረኽባ ስለዘይከኣላ፣ በዚ ትእዛዝ መሰረት ወጺአን። ኣብ መወዳእታ ናይዚ ዓመትዚ 11 ምዝጉባት ዘይመንግስታውያን ማሕበራት ኔረን። ብ2006 መንግስቲ ንሓሙሽተ ዘይመንግስታውያን ማሕበራት ስርሐን ዓጽየን ክወጻ ስለዝኣዘዘ ወጺአን። ንሳተን መሪሲ ኮር፣ ኣኮርድ፣ ሳማሪታን ፐርስ፣ ኣይ ኣር ሲ (ኢንተርናሽናል ረስክዩ ኮሚቲ)ን፣ ኮንሰርን እየን።

ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 2006፣ መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ናይ ረድኤት ማሕበራት ዘለዎ ፖሊሲ ለውጢ ብምግባር፣ ናይ መግቢ ሓገዝ - ብገንዘብ ንስራሕ - ፕሮግራም ጥራሕ ክካየድ ኣዚዙ። ኣብዚ ጊዜ እዚ መንግስቲ ነቲ ብዓለማዊ ናይ መግቢ ፕሮግራም (WFP)ን ካልኦትን ዝተወፈየ ልዕሊ 80,000 መትሪክ ቶን ዝኸውን መግቢ ናብ ናቱ ፕሮግራማት ወሲድዎ። ኣብዚ ዓመት መወዳእታ ናይዚ ዝተወሰደ መግቢ ዝርዝር፣ መወዳእታኡ ኣበይ ከምዝወዓለን፣ ብመን ከምዝተዘርገሐን፣ ንመን ከምዝተዓደለን ዘርኢ ጸብጻብ መንግስቲ ኣይሃበን። በዚ ፖሊሲ እዚ መሰረት ዝተወፈየ መግቢ ብናይ ዘይመንግስታውያን ማሕበራትን ዓለማዊ ናይ መግቢ ፕሮግራም ክዕደል ኣይፈቐደን። መንግስቲ ናይ ሕ. መ. ናይ ህጻናት ትካል (ዩኒሰፍ) ዘካይዶ ናይ ተወሳኺ መግቢ ሓፈሻዊ መግቢ ፕሮግራም ኣብ ትሕቲ ናይ ጥዕና ሚኒስትሪ ክቕጽል ኣፍቂዱ። መንግስቲ ነትን ዘይመንግስታውያን ማሕበራትን ናይ ሕ.መ. ኣባላት ናይ መገሻ ፍቓድ ከምዘድልዮም ስለዝገበረ፣ ብግብሪ ናብ ገጠራት ኤርትራ ዝገብሩዎ ንጥፈታት ብሙሉኡ ተቖጻጺርዎ ይርከብ። ብዛዕባ ኩነታት ምግብና ኣብ ቤት ትምህርትታት ክሳብ መወዳእታ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዝፍለጥ ነገር የለን

መንግስቲ ናይ ሕ.መ. ወከልቲ ውድባት፣ ንዝተመዛበሉ ዜጋታት ክሕግዙ ኣፍቂዱ። ባ ናይዚ ዓመት መወዳእታ ግን እተን ቅድሚ ሕጂ ካብ ሕ.መ. ናይ ስደተኛታት ኮሚሽን ዝተወሰዳ 45 መኻይን ኣይመለሰንን።

## ክፍሊ 5፤ ኣድልዎን ማሕበራዊ ግፍዕን ብደቂ ሰብ ምሽቃጥን

ሕጊን ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ ቅዋም ኤርትራ ኣንጻር ደቂ ኣንስትዮን ስንኩላንን ኣድልዎ ከይግበር ይኽልክል። መንግስቲ ነዚ ዓንቀጽ ብሓፈሻኡ እኳ እንተኣኽበሮ፣ ኣብ ልዕሊ  ደቂ ኣንስትዮን ንኡሳን ብሄራትን ዝካየድ ኣድልዎስ ብቐጻሊ ይረአ እዩ።

### ደቀነስትዮ

ብሓይሊ ምዕማጽ ገበን እዩ። ኣብ ውሽጢ ምርዕዋት (ሰብ ሓዳር) ክወርድ ዝኽእል ዓመጽ ዘይሕጋውነቱ ንጹር ኣይኮነን። ኣብቲ ሕብረተ ሰብ ብሓይሊ ምዕማጽ ክስብ ክንደይ ከምዘሎ ዝገልጽ ንጹር ሓበሬታ የልቦን። ሓለፍቲ መንግስቲ ናይ ዓመጽ ጥርዓን ክቐርቦም እንከሎ፣ ዝበዝሐ ግዜ እቲ ዓማጻይ ነታ ዝዓመጻ ግዳይ ዝኾነት ጓል ኣንስተይቲ ክምርዓዋ ይደፋፍኡ።

ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝወርድ ኣካላዊ ረጽሚ ኣብ ኩሉ ሕብረተ ሰብ ገኒኑ ይርከብ። ኣብ ውሽጢ ገዛ ዝግበር ግፍዒ ዘይሕጋዊ እዩ። ግንከ ደቂ ኣንስትዮ ይግፍዓ፡ ብሰብኡተን ዝህረማሉ ኩነት ኣብቲ ሕብረተ ሰብ ብብዝሒ ይርከብ። ማሕበራዊ ጸቕጢ ስለዘሎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ውሽጢ ገዛ ንዝርከብ ረጽሚ ብወግዒ ኣይዛረባሉን እየን። ከምዚ ተግባር ክረከብ እንከሎ ኣብ መንጎ ስድራ ወይ ብሃይማኖታዊ ኣካል ይሽምገል። መንግስታዊ ብድሆ ኣንጻር እዚ ተግባር እዚ ንኸየካይድ ብዋሕዲ ገንዘብን፣ ናይ ኪኢላታት ሕጽረትን፣ ማሕበራዊ ጸቕጥታትን ተደሪቱ ይርከብ።

ምንዝርና ዘይሕጋዊ እዩ። እንተኾነ ግን ቀጻሊ ሽግር ኮይኑ ይርከብ። እቶም ለይቲ ለይቲ ዝሕልዉ ኣባላት ጸጥታ ነተን ምስ ወጻእተኛታት ዝሓድራ ኣመንዝራታት እናተኸታተሉ ይኣስርወን።

ጾታዊ ጸቕጢ ምግባር ዘይሕጋዊ እዩ። እንተኾነ ግን ደቀነስትዮ እዚ ምስዘጋጥመን ብባህሊ ተቐባልነት ስለዘይብሉ ኣይነግራሉን እየን። ኣብዚ ዓመት እዚ ኣብ ሕጋዊ ኣካል ንጾታዊ ጽቕጢ ዝምልከት ዝበጽሐ ጥርዓን የልቦን።

ደቀነስትዮ ማዕረ ዕድል ኣብ ትምህርቲ፣ ማዕረ ክፍሊት ደሞዝ ኣብ ተመሳሳሊ ስራሕ፣ ማዕረ ዋንነት ንብረት፣ ብሕጊ መሰለን እዩ። ኣብ ግብሪ ግን ደቂ ተባዕትዮ ዝያዳ ልዕልና - ብፍላይ ኣብ ገጠራት - ኣብ ትምህርቲ፣ ስራሕ፣ ዋንነት ቁጠባዊ ሃብቲ፣ ኣለዎም። ብሓፈሽኡ ደቀነስትዮ ምስ ደቀተባዕትዮ ማዕረ ዝኾነ ማሕበራዊ ናብራ የብለንን።

ዕድሚአን ካብ 18 ስጋብ 47 ዝኾና ደቀነስትዮ ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ክሳተፋ ብሕጊ ይግደዳ። ኣብዚ ዓመት እዚ መንግስቲ ካብ ኣገልግሎት ንዝሃደማን ዘይተሳተፋን ደቂ ኣንስትዮ ምእሳር ቀጺልዎ። ጸብጻባት ከምዝሕብርዎ ገለ ደቀነስትዮ ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ምስተዓስከራ ጾታዊ ጸቕጥን ማህሰይትን ይወርደን እዩ።

ሃገራዊ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ (ሃ.ማ.ድ.ኤ)ን፣ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕብራዊ ጉዳይን፣ ምስ ሚኒስትሪ ጥዕና ብምትሕብባር መሰል ደቂ ኣንስትዮ ንክኽበር ሓላፍነት ኣለዎም። ኣብ ናይ ቁጠባ ጉዳይ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝግበር ኣድልዎ ኣይተራእየን።

## ህጻናት

ብሓፈሽኡ መንግስቲ ንመሰል ህጻናትን መነባብሮኦምን ክሕሉ እንተተማባጸዐ፣ ነዚ መደባት ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዘኽእሎ ናይ ቁጠባዊ ሕጽረት ስለዘለዎ ዓቕሙ ተደሪቱ ይርከብ። ብዛዕባ መሰልን መነባብሮ ህጻናት ዝምልከቶ ኣካል ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ጉዳይ ስለዝኾነ፣ ሓደ ክፍሊ ናይዚ ሚኒስትሪ ዝኾነ፣ ናይ ህጻናት ጉዳይ ቤት ጽሕፈት፣ ክንክን ህጻናት፣ ማዕዳን፣ ሓላፍነታዊ ምክትታል የካይድ እዩ።

ትምህርቲ ክሳብ ሻቡዓይ ክፍሊ ግድነትን ነጻን እዩ። ናይ ሓባር ዝኾነ ክዳን (uniform)፣ ናይ ትምህርቲ መሳርሒ (ርሳስ፡ ወረቐት ወ.ዘ.ተ.)፣ ናይ መመላለሲን ዝኣመሰሉ ወጻኢታት ናይ ተማሃሮ ሓላፍነት ስለዝኾነ እዚ ኹሉ ተደሚሩ ንብዙሓት ስድራ ቤታት ናይ ምምሃር ዋጋ ይኽብሮም። ካብ ሻቡዓይ ክፍሊ ንላዕሊ ቁሩብ ክፍሊት ኣለዎ ግድነታዊ ድማ ኣይኮነን። ሕጽረት መማህራንን፣ ናይ ቦታን፣ ሽግር ኣሎ። ነዚ ተመሃሮ ኣብ ክልተ ናይ ንግሆን ናይ ምሸትን ክፍልታት ብምምቃል ገለ ፍታሕ ይርከበሉ ኣሎ።

ብ2003-2004 ዝወጹ ጸብጻባት ሚኒስትሪ ትምህርቲ፣ ኣብ ትምህርቲ ዝተመዝገቡ ቆልዑ ብግምት 43% ይኾኑ ይብል። ኣብ 2003-2004 ናይ መባእታዊ (ካብ ሓደ ክሳብ ሓሙሽተ) ምዝገባ 71.7% ኔሩ። ካብ 2001 ጀሚሩ፣ 86% ካብቶም ንመባእታዊ ዝተመዝገቡ ተመሃሮ ስጋብ ሓሙሻይ ናይ ምብጻሕ ዕድል ኔሩዎም። ካብቲ ሙሉእ ህዝቢ 75% ናይ ምንባብን ምጽሓፍን ክእለት ዘይብሉ (መሃይም) እዩ። ኣብ ገጠራት ንኣሽቱ ኣዋልድ ኣብ ቤት ንኽሰርሓ  ቀልጢፈን ትምህርቲ የቋርጻ።

ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዝውድኡሉ ናይ መውዳእታ ዓመት፣ ብመንግስቲ ዝተዳለወ ፍልይ ዝበለ ቤት ትምህርቲ እዮም ዝምረቑ። እዚ ቤት ትምህርቲ እዚ ጥቓ ናይ ሳዋ መዓስከር ኮይኑ ኣብ ምዕራብ ወገን ናይቲ ሃገር ይርከብ። ተማሃሮ ናይ ካላኣይ ደረጃ መወዳእታ ዓመት ኣብዚ ዘይተመሀሩ ኣይምረቑን ነቲ ናይ ካላኣይ ደረጃ መልቀቒ ፈተና ክወስዱ ኣይክእሉን እዮም። ከምኡ እውን ዝለዓለ ናይ ትምህርቲ ዕድል ንኽረኽቡ ዘድሊ መርመራ ክገብሩ ኣይክእሉን እዮም። ብባህልን ማሕበራዊ ሓልዮትን ዝኣክል ብዙሓት ደቀነስትዮ ተመሃሮ ናብዚ ኣዝዩ ርሑቕ ዝኾነ ቦታ ኣይከዳን። እንተኾነ ግን ሃገራዊ ኣገልግሎተን እንተድኣ ኣማሊአን ደቀነስትዮ ብናይ ምሸት ትምህርቲ ክምረቓ ይኽእላ። 11 ክፍሊ ወዲኦም ሳዋ ምእንቲ ኸይከዱ ክፍሊ ዝደግሙን፣ ጨሪሾም ትምህርቲ ዝሓድጉ ብዙሓት ተመሃሮ ኣለዉ።

ብ2006 መንግስቲ ብዘውጽኦ ትእዛዝ መሰረት፣ ናይ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ኣብ ምዕጻው በጺሑ። ካብዚ እዋን እዚ ጀሚሩ፣ እቶም ኣብ መርመራ ዝለዓለ ነጥቢ ዘምጽኡ ተመሃሮ፣ ኣብ ጥቓ ኣስመራ ዝርከብ፣ ብመንግስቲ ዝካየድ ናይ ማይ ነፍሒ ናይ ተክኒክ ቤት ትምህርቲ ይኣትዉ።

መንግስቲ ንህጻናት ፍሉይ ሕክምና ኣይገብርን እዩ። ንንኣሽቱ ኣወዳትን ኣዋልድን ብማዕረ ናይ ምክልኻል ዝኸውን ክትባት ብብዝሒ ክትባት የዘውትር እዩ።

ንህጻናት ምህሳይ ዘይሕጋዊ ኣይኮነን። መንግስቲ ዘካይዶ ነዚ ዝከታተልን ዝገትእን መደብ የልቦን። ንምቕጻዕ ተባሂሉ ኣብ ልዕሊ ህጻናት ዝወርድ ክቱርን ቅልል ዝበለ ማህረምቲ ኣብቲ ሕብረተ ሰብ ቅቡልን ልሙድን እዩ።

ምግራዝ ኣብ 89% ናይ ንኣሽቱ ኣዋልድ ተተግቢሩ ይርከብ። እዚ ተግባር እዚ ኣብ ኩለን ብሄራትን ናይ እምነት ጉጅለታት ይረአ። ኣብ መታሕት፣ እቲ ሕልፍ ዝበለ ምግራዝ (infubulation) ይፍጸም። ኣብ ወርሒ መጋቢት፣ መንግስቲ ነዚ ተግባር ገበን ዝገብር ኣዋጅ ኣመሓላሊፉ። እዚ ተግባር እዚ ምእንቲ ክተርፍ፣ መንግስትን፣ ሃገራዊ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራን፣ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራን፣ ናይ ሓባር ኣስተምህሮ የካይዱ።

ንደቀተባዕትዮን ንደቀንስትዮን ብሕጊ ዝነኣሰ ናይ መርዓ ዕድመ 18 እዩ። ገለ ገለ ሃይማኖታውያን ካብዚ ንዝነኣሰ ዕድመ ክባርኹ ይኽእላ። ሕ. መ. ናይ ህጻናት ትካል (ዩኒሰፍ) ኣብ ምዕራብን ጎላጉል ባሕርን ናይ ህጻናት መርዓ ተጌሩ ዝብል ጸብጻብ ኣቕሪቡ ኣሎ። ብ2002 ዝወጸ ናይ ጥዕናን ኣሃዛዊ ናይ ሓበሬታት ገምጋም (Demographic & Health Survey) ከምዝሕብሮ፣ ዕድሚኣን ካብ 15 ክሳብ 19 ዝኾና ደቀነስትዮ ቁጽሪ 28.2 ካብ ሚእቲ ምርዕዋት እየን። 1.5 ሚእታዊ ናይቶም ዕድሚኦም ካብ 15 ክሳብ 19 ዝኾኑ ደቀተባዕትዮ ምርዕዋት እዮም።

ብሕጊ ናይ ህጻናት ምንዝርና፣ ፖርኖግራፊን፣ ጾታዊ ብዕልግናን ሽቕጥን ገበን እዩ። ገለ ህጻናት ግን ኣብዚ ምንዝርና ይሳተፉ እዮም።

ኣብ ናይ ከተማ መንገዲ ክርተት ዝብሉ ናይ ደገ ሓደር ህጻናት ቁጽሪ እናበዝሐ ይኸይድ ኣሎ። ካብዚኣቶም ብሓይሊ ሂወቶም ክመርሑሉ ዘኽእል ስራሓት ንኽማሃሩ ናብ ማዓስከር ተወሲዶም ዝብል ዘይተረጋገጸ ወረታት ኣሎ። እዚ ወረ ግን ዝያዳ ነቶም 17 ዓመት ዝዕድሚኦም ግድነት ሃገራዊ ኣገልግሎት ንዝምልከቶም ይኸውን።

## ብደቅ ሰብ ምሽቃጥ

ሕጊ ናይ ዘይተተግበረ ቅዋም ብደቅ ሰብ ምሽቃጥ ዘይሕጋዊ ይገብር። ናብ ወጻኢ ሃገር ምስዳድን ከምኡውን ኣብ ውሽጢ ሃገር ናይ ደቅ ሰብ ምሽቃጥ ተራእዩ ዝብሉ ጸብጻባት የለውን።

## ኣካለ ስንኩላን

ሕጊ ናይቲ ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ ቅዋም ኤርትራ ኣንጻር ኣካለ ስንኩላን ኣድልዎ ኣየፍቕድን እዩ። እዚ ኣብ ስራሕ፣ ትምህርታዊ ዕድል ኣብ ምርካብን፣ ካልእ ብመንግስቲ ዝወሃብ ኣገልግሎትን ዝምልከት ኣድልዎ ኣብ ግብሪ ኣይተራእየን። ብሰንኪ ኲናት ንነጻነት ኣንጻር ኢትዮጵያ ዝሰንከሉ ብኣሽሓት ንዝቑጸሩ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ንምእላይ፣ መንግስቲ ብዙሕ ንዋትን፣ ጊዜን፣ ናይ ሰብ ሓይልን ኣጥፊኡ እዩ። ብዙሓት ሓደስቲ ገዛውትን ናይ ሓባር መንግድታት ንኣካለ ስንኩላን ዝኸውን መሕለፍታት ኣለዎም። ከምዚ ዝኣመሰለ ኣብ ናይ ሓባር ቦታታት ንኣካለ ስንኩላን ዝኸውን መሕለፍታት ብሕጊ ክትግበሩ ዝብል ዓንቀጽ የልቦን።

## ንኡሳን ደቂ ሃገርን ብሄራትን ዓሌታትን (minorities)

መንግስታዊ ኣድልዎ ኣንጻር ብሄረ ኩናማ ይገብር እዩ ዝብል ጸብጻብ ኣሎ። ብሄረ ኩናማ ሓደ ካብቶም ትሽዓተ ብሄራት ኮይኖም ኣብ ምዕራብ ኤርትራ ይነብሩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝወሓደ ሕብረተ ሰብኣዊ ኣድልዎ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያውያን ኔሩ ግን ካብ ዝሓለፈ ዓመታት ዝዋሓደ ኔሩ።

## ካልእ ማሕበራዊ ኣድልዎን ዘይሰብኣዊ ግፍዕታትን

ግብረ ሰዶም (ሆሞሸክሰዋሊቲ) ምዝውታር ዘይሕጋዊ እዩ። ኣብዚ ዝካፈሉ ሰባት ኣዝዩ ብርቱዕ ማሕበራዊ ኣድልዎ ይወርዶም።

## ክፍሊ 6፤ መሰል ሰራሕተኛታት

### ሀ፤ ናይ ምእካብ መሰል

ሕጊ ንሰራሕተኛታት ናይ ምእካብ መሰሎም ይሕልወሎም። ንጥቕሞም ዝጣበቓ ማሕበራት ክገብሩ እውን የፍቅድ። እንተኾነ መንግስቲ ንገለ ገለ ምትእኽኻብን ማሕበራትን ኣየፍቅድን እዩ። እዚ ማለት ኣብ ውሽጢ ሲቪላዊ ኣገልግሎት፣ ወተሃደራት፣ ፖሊስን ካልኦት ኣገደስቲ ኣገልግሎት ወሃብቲ ማሕበራት ኣየፍቅድን። ቁጽሮም ካብ 20 ንላዕሊ ዝኾኑ ሰባት፣ ማሕበር ክምስርቱ እንተድኣ ደልዮም ካብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ጉዳያት ፍሉይ ፍቓድ ክረኽቡ ኣለዎም። ኣብዚ ዓመት እዚ መንግስቲ ማሕበራት ንምቛም ተቓወሞ ኣይገበረን፣ እንተኾነ ግን መንግስቲ ዝኾነ ማሕበራት ክቐውም ኣየፍቅድን እዩ። ኩለን ማሕበራት ማለት ናይ መማህራን ማሕበር፣ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ማሕበር፣ ናይ መንእሰያት ማሕበርን ናይ ሰራሕተኛታት ማሕበርን ብመንግስቲ እየን ዝመሓደራ። ዝበዝሐ ስራሕ ኣብ ትሕቲ መንግስቲ እዩ ዝርከብ፤ ስለዚ ኣብዘን ማሕበራት እዚኣተን ኣባልነት ግድነት እዩ። ምኽንያቱ ዝበዝሐ ስራሕ ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ስለ ዝርከብ። እዚ ስለዝኾነ ድማ ኣንጻር እዚአን ማሕበራት ኣድልዎ ኣይገበረን፡ መንግስቲ ብብሕቲ ዝውነኑ ቤት ንግድን ካልኦት ነጻ ዝኾኑ ትካላት ዝርከብዎ ናይ ሰራሕተኛታት ማሕበራት ከቑሙ ኣየተባብዕን እዩ። መራሕቲ ማሕበር ዝበዝሐ ጊዜ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ኮይኖም፣ እቲ ናይ ማሕበር ስርሓቶም እውን ብመንግስቲ ዝተደገፈ እዩ።

ብወርሒ መጋቢት 2005፣ ብኣባላት ጸጥታ ኣብ ዝካየድ ምስጢራዊ ኣብያተ ማእሰርቲ ተወሲዶም ብዘይ ክሲ ዝተኣሰሩ ሰለስተ መራሕቲ ናይ ሰራሕተኛታት ማሕበራት፣ ኣብዚ ዓመት እዚ ተፈቲሖም።

### ለ፤ ብሓባር ማሕበራት ናይ ምቛምን ንሰራሕተኛታት ምጥባቕ መሰልን

ማሕበራት ብዘይ ናይ መንግስቲ ኢድ ምትትእትታው ስራሓተን ከካይዳን ኣብ ናይ ሓባር ጠቕሚ ውዕል ክኣትዋን ሕጊ የፍቅድ። ናይ ማሕበራትን፣ ናይ ህ.ግ.ደ.ፍ. ሰልፊን፣ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ደሞዞም ብመንግስቲ ይውሰን። ስለዚ እዚኣተን ኩለን ማሕበራት ምእዙዛት ናይ መንግስቲ እየን። ኣብቲ ንኡስ ዝኾነ ብሕታዊ ኣካል ደሞዝ ናይ ምውሳን ተግባር ብነጻ ይካየድ። እቶም ሰራሕተኛታት ግን ናይ ባዕሎም ነጻ ዝኾነ ማሕበር ክገብሩ ኣይፍቀደሎምን እዩ።

ብሕጊ ሰራሕተኛታት ናይ ስራሕ ጠጠው ምባልን ምዝሓልን መሰል ኣለዎም። ብግብሪ ግን መራሕቲ ማህበር ሰራሕተኛታት ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ስለ ዝኾኑ ማሕበርተኛታት ነዚ መሰሎም ኣይጥቀሙሉን እዮም። ናይ ውሽጥን ናይ ወጻኢ ርእሰማል ኣብ ሃገር ምእንቲ ክድለብ መንግስቲ ዝኣወጀ ናይ ነጻ ዞባታት ስራሕ ኣይተጀመረን።

### ሐ፤ ምኽልካል ጊልያነትን ወይ ብግዲ ምዕሳብ

ናይ ህጻናት ይኹን ናይ ዓበይቲ ብግዲ ምዕሳብን ጊልያነትን ሕጊ ኣየፍቅድን። እንተኾነ እዚ ተግባር ኣብዚ ዓመት እዚ ተራእዩ ዝብል ዘይተረጋገጸ ሓበሬታ ኣሎ። መንግስቲ ንኩሎም ካብ 18 ክሳብ 54 ዝዕድሚኦም ደቂ ተባዕትዮን ካብ 18 ክሳብ 47 ዝዕድሚአን ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ወተሃደራውን በርጌሳውን ዘዋፍር ሃገራዊ ኣገልግሎት ክሳታፉ ይግድድ። እዚ መወዳእታ ዘይብሉ ኣገልግሎት እዩ ዝብል ናይ ገለ ዜጋታት ርእይቶ ኣሎ። ማለት ኣብ ኣገልግሎት ኣቲኻ ምጽናሕ ድኣምበር ምጥያስ ዘይብሉ ማለት እዩ። መንግስቲ ነዚ ብብእዋኑ ዝካየድ ዘሎ ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዕስክርና፣ ዶብ ኢትዮጵያን ኤርትራን ስለዘይተሓንጸጸ እዩ ዝብል ምኽንያት ይህበሉ። ገለ ሰባት'ውን ንስሙ ናብ በርገሳዊ ስራሕ ይመድቡ፣ ብሓቂ ግን ኣብ ወተሃደራዊ ቦታኦም ይርከቡ። እዚኣቶም ንመንግስታዊ ስርሓትን ቁጠባ ሃገርን ኣድለይቲ እዮም ስለዝተባህሉ

እዩ። ኣብዚ ስራሕ እናሰርሑ እንከለዉ ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ክፍሊት እዩ ደሞዞም። ካብ ናይ ኣገልግሎት ደሞዝ ንላዕሊ ዝረኸቡ ነቲ ትርፊ ገንዘብ ንመንግስቲ ከረክቡ ይግደዱ። ብሓፈሻኡ ናይ መንግስቲ ስራሕተኛታት ስራሖም ክገድፉ ወይ ናብ ካልእ ስራሕ ክሰጋገሩ ኣይክእሉን እዮም። እቶም ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከምልጡ እንከለዉ ዝተታሕዙ ሰባት ኣብ ናይ መንግስቲ ናይ ምዕባለ ስራሓውቲ ከም ተራ ናይ ጉልበት ስራሕተኛ ንኽሰርሑ ይምደቡ።

## መ፤ ህጻናት ብኣስገዳድ ኣብ እዮ ምምዳብ ምኽልካልን ዝተሓተ ዕድመ ናይ ኣብ ስራሕ ዝቑጸር ሰብን

ሃገራዊ ዕላማ ናይቲ መንግስቲ ንጥፈታት ንህጻናት ካብ ክቱር ምዝመዛ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ክከላኸል እዩ። እዚ ግን ኣብ ግብሪ ብግቡእ ስለዘይትግበር፣ ናይ ህጻውንቲ ኣብ ስራሕ ምዝመዛስ ተራእዩ። ዕድመ ናይ ኣብ ስራሕ ክቑጸር ዝኽእል ሰብ 18 ዓመት ዝመልአ ክኸውን እንከሎ ተልመደን ግን ኣብ 14 ዓመት ክቑጸሩ ይኽእሉ። ሕጊ ንህጻውንትን መንእሰያት ስራሕተኛታትን ተልመደንን ኣብ ሓደገኛ ስራሓት ንኸይሳተፉ ይኽልክል። ንኣብነት ኣብ መጉዓዝያ፣ ኬሚካልን መርዝን ዝርከቦ፣ ወይ ከኣ ሓደገኛ መተዓየዪ፣ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ዝካየድ ስራሓት ከም ማዕድን ምዃዓትን፣ ናይ ረስሓት መተሓላለፍታት ዝኣመሰሉ ስራሓት ንኽይካፈሉ ይኽልክል። እቶም ኣብ ገጠር ዝዓብዩ ህጻናት ኣብ ትምህርቲ እንተድኣ ዘይተሳቲፎም፣ ኣብ ናይ ሕርሻ ስራሕ ክዋፈሩ ልሙድ እዩ። እዚ ማለት ዕንጸይቲ ምእራይ፡ ማይ ምውራድ፡ ከብቲ ምእላይን (ኣሓ፣ ኣባጊዕ፣ ምራኹትን፣ ኣጣልን) ዝኣመሰሉ የጠቓልል። ኣብ ከተማታት ህጻናት ኣብ ጽርግያ ሽጋራን፣ ጋዜጣታትን፣ ማስቲካን ይሸጡ።

ናይ ህጻውንቲ መሰል ዘኽብር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ጉዳይን ጸጸኒሑ ኣብ ዝገብሮ ምርምር እዩ ነቲ ሕጊ ከምዝትግበር ዝሰርሕ። እንተኾነ ግን እዚ ምክትታትል እዚ ውሑድ እዩ። ገለ ካብቲ ንህጻናት ካብ ናይ ስራሕ ምዝመዛ ንምድሓን ዝግበር መደብ፣ መንግስታዊ ናይ ቅድመ ትምህርቲ ኣገልግሎትን፣ ናይ ልዑል ፍልጠት ምድላብን፣ ቴክኒካዊን ኣስተምህሮ ምሃብን ይርከቦ።

## ሰ፤ ቅቡል ዝኾነ ናይ ስራሕ ኩነታት

ኣብ ሲቪላዊ ስራሕ እቲ ዝዋሓደ ደሞዝ $24 (360 ናቕፋ) ንወርሒ እዩ። እዚ ግን ንመነባብሮ ናይ ሓደ ስራሕተኛን ስድራ ቤትን ከማልእ ዝኽእል ደሞዝ ኣይኮነን። ብዙሓት ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ካልእ ቦታታት ዝሰርሑ ሰባት፣ ካብቲ ዝወሓደ ደሞዝ ንታሕቲ ይኸፈሉ። መንግስቲ ንሕጊ ናይ ዝወሓደ ደሞዝ ኣብ ግብሪ ኣየውዓሎን እዩ። ብሕጊውን ኣብ ብሕታዊ ስራሕ እዚ እዩ ዝወሓደ ዝበሃል ዕቁን ደሞዝ የልቦን።

ኣብ ሰሙን 44.5 ሰዓታት እዩ ዝሰራሕ። ብዙሓት ሰባት ግን ካብዚ ዝወሓደ እዮም ዝሰርሑ። ኣብ ሰሙን ሓንቲ መዓልቲ ዕረፍቲ ይዋሃብ፡ ብዙሓት ስራሕተኛታት ካብ 1 ክሳብ 1 ½ መዓልቲ ኣብ ሰሙን ዕረፍቲ ክወስዱ ይፍቀደሎም። ብዙሕ ዝያዳ ሳዓታት ንኽይሰርሕ ዝግበር ምኽልካል የልቦን። ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ ክርከብ ዝኽእል ኣስጋኢ ናይ ጥዕናን ኣካላዊ ድሕነት ኣገባባት መንግስቲ ኣተኣታትዩ እዩ። እንተኾነ ግን ነቲ ይግበርን ኣይግበርን ንምፍላጥ ዝካየድ ምክትታል ኣተገባብራን ኣብ ኩለን ፋብሪካታት ይፈላለ። ገለ ስራሕተኛታት ኣዝዩ ሃሳዪ ወይ ሓደገኛ ካብ ዝኾነ ቦታ ክእለዩ ብዘይ መቕጻዕቲ ወይ ግብረ መልሲ ይፍቀደሎም።